ሓዳስ ኤርትራ

መበል 24 ዓመት ቁ. 153 31 ጥሪ 2015 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ቀዳም

ገጽ 3
"ህይወት ሞት ሕጹይ...ክሳብ መኣስ?"



ገጽ 4
ማዕዶ ማዕዶ




ገጽ 8
ተኸላ ከተማ

ገጽ 10
እንቋቑሖ ዝወልዳ ደርሁ ብኸመይ ንለልየን?



ገጽ 11
ቸልሲ - ማን ሲቲ



# ጨ/ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ዓንሰባ፡ ካብ ትካላት ጥዕና ራሕቂ ኣብ ዘለወን ንኡሳን ዞባታት ከተኩር ምዃኑ ገሊጹ



ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ 2015 ናብተን ራሕቂ ዘለወን ንኡሳን ዞባታት ትካላት ጥዕና ኣብ ምዝርጋሕ ኣተኩሩ ክሰርሕ ምዃኑ፡ ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ዶክተር ክስተብርሃን ሰለሙን ገሊጹ።

ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተቓነዐ - ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን ዝተረኽበትሉ ኣኼባ፡ ዶክተር ክስተብርሃን፡ ከም ኣካል ናይቲ ዝርግሐ ኣገልግሎት ጥዕና ንምስፋሕ ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕሪ፡ ኣብ 2014 ኣብ ንኡስ ዞባ ከርከበት - ምምሕዳር ከባቢ ኣማላይት ከምኡ'ውን ኣብ ንኡስ ዞባ ሰልዓ - ምምሕዳር ከባቢ ጣህራ መደበራት ጥዕና ተኸፊተን ኣገልግሎት ክህባ ከምዝጀመራ፡ ሎሚ ዓመት ድማ ኣብ ንኡስ ዞባታት ዒዲ-ተከሌዛን፡ ገሉብ፡ ሓልሓልን ቀርጸትን ትካላት ጥዕና ናይ ምኽፋት መደብ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ብሓፈሻ ኣብ ምርግጋጽ ኮም ዝመርሐ ሓብራዊ ጽሬት ድማ ብፍላይ ልዑል ምዃኑ ብምግላጽ፡ ጥዕናዊ ንቕሓት ህዝቢ ንምብራኽ ዝተኻየደ ኈስጓሳት ኣድማዒ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣብ ሆስፒታል ከረን ንሕማም ቲቢ ዘጽር ሓደሽ መሳርሒ ተተኺሉ ምህላዉ ዘመልከተ ዶክተር ክስተብርሃን፡ ሸፈነ ተጠቃምነት ዓይኒ-ምድሪ ኣብ ዞባ ዓንሰባ 71 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ፡ ኣብ ሕማማት ብዘሒ ደምን ሽኮርያን መጸናዕታዊ ክትትል ከምዝተገብረ ከምኡ'ውን ወለንታዊ መርመራ ደም ኣብ ነፍሰጾራትን መጻምድትን ከምዝተኻየደ ኣዘኪሩ።

ሚኒስተር ኣሚና ኑርሑሴን ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝኢ ክወሃብ ዝጸንሐ ዝምስገን ኣገልግሎታት ንምድንፋዕ፡ ዋሕዲ መሳለጥያ ንምምላእ፡ ብቐዓት ህንጻታት ትካላት ጥዕና ንምርግጋጽ፡ ኣብ ህንጻት ዘለዉ ሆስፒታላት ንምቅልጣፍ፡ መጸበዪ ነብሰጾራት ንምህናጽ፡ ከምኡ'ውን ዕደላን ተጠቃምነትን ሳምሱያ ብምልኣት ንምትግባር ይሰራሓሉ ከምዘሎ ሓቢራ።

"ኣብ ሓያሎ መዓያት ክንዕወት ዝኸኣልና፡ ልዑል ንቕሓት ህዝብን ተሳትፎ መሻርኽትንዩ" ዝበለት ሚኒስተር ኣሚና፡ ቁጽሪ ትካላት ጥዕና ብሃገር ደረጃ ኣስታት 400 በጺሑ ከምዘሎ፡ 95 ሚእታዊት ካብ ነብሰጾራት ኣብ ትካላት ጥዕና ይሓርሳ ምህላወን፡ ብዘውሖብ ዘሎ ክታበትን ዝማበር ዘሎ ክትትልን ተርእዮ ሕማማት ኣዝዩ ከምዝጎደለ ብምብራህ ድማ፡ ዝካየድ ጻዕርን መጸናዕትታትን ቀጻሊ ከምዝኾነ ኣስሚራትሉ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ድማ፡ ሃገራዊ ልምዓታዊ መደባት ዝዕወት፡ ብቑንዱ ጥዕናን ተወፋይነትን ዜጋታት ምስ ዝረጋገጽ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ጥዕናዊ መደባት ንምዕዋት፡ ተራ ኣካላት መንግስትን መሻርኽትን ክዓዚዝ ተላቢዩ።

# ተወጢኖም ዘለዉ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ተሳትፎ ህዝቢ ንምዕዛዝ ከምዝሰርሕ ቤት-ምኽሪ ከተማ ከረን ገሊጹ

ኣብ ከተማ ከረን ዝዕመሙ ዘለዉ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምዕዛዝ ኣበርቲዑ ከምዝሰርሕ፡ ቤት-ምኽሪ'ታ ከተማ ኣብ ዘቃነዮ ኣኼባ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ዘርእዝጊ ዳዊት ኣብ ዘስመዖ ቃል፣ ህዝቢ ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ንኽረኽብ ብዓቢኡ ድማ ጠለባቱ ንኽማላእ ቀዋማይ ዕማም ቤት-ምኽሪ ምዃኑ ብምሕባር፣ ኣብ'ታ ከተማ ዝርአ ዘሎ ዘይሕጋዊ መሸጣ መሬትን ምስራሕ ኣባይትን ከምኡ'ውን ኣብ ትምህርቲ ዝርኤ ጸገማት መግትኢ ንኽግበረሉ፣ ኣባላት ቤት-ምኽሪ ኈስጓስ ብምክያድ ክጽዕሩ ተላብዩ።

ምምሕዳር ከተማ ከረን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት፣ ምሸንሻን ምዕዳል መሬት ኣብ ዓዲ ሓቐልን ዓዲ ሽቦትን፣ ምትካል ናይ ጎደና ኣግራብን ምጽጋን ማስመር ረሳሕ ፈሳሽን ዝኣመሰለ ንጥፈታት ከምዝተኻየደ፡ ምዝዛም ንከተማ ከረን ዘገልግላ ብልዕሊ 22 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃንጻ ዲጋታት ደዓሪት፣ ቲትራ፣ ጉርዲ'ኸ፡ ጥንቁልሓስን ኣፍንበርን ነታ ከተማ ኣፎይታ ምዃኑ ብምጥቃስ፣ ካብ ጸቢብ ንፎርቶ ማስመራት ማይ ክዝርጋሕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣባላት ቤት-ምኽሪ ኣብ መውዳእታ፣ ብሱብ ቦጣት ዝፍጸም ዘሎ ዘይምዕሩይ ዕደላን ክብሪ ዋጋን ምክትታል ክግበረሉ፣ ጽርግያ ከረን - ሓጋዝ ቀላሕታ ክወግሮ፣ ዕደላ መሬት ክቀላጠፍ፣ ኣካረይቲን ደላሎን ኣብ ተኻረይቲ ዘውርድዎ ዘለዉ ኣደራዕ መቆጻጸሪ ክግበረሉ ዝበሉን ካልኦትን ለበዋታት ኣቕሪቦም።

# ሸማንገለ ታሕታይ፡ ብ13 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃንጸት ዲጋ ተመረቓ



ስ/ሓበን በላይ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ - ምምሕዳር ሸማንገለ ታሕታይ ንዝለበረ ሕጽረት ማይ ንምፍታሕን ልምዓት ጀራዲን ንምስፋሕን ክተገልግል ብኣስታት 13 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃንጸት ዲጋ ተመረቓ።

ኣብ'ቲ ናይ መምረቓ ስነ-ስርዓት፡ ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኣት ተወልደብርሃን ኣብ ዘስመዖ ቓል፣ መንግስቲ ንርሑቕ ገጠራት ጠመተ ብምሃብ ውሕስነት መሰረታዊ ኣገልግሎታት ንምርግጋጽ ሓያል ጻዕሪ የካይድ ከምዝሎ ጠቒሱ፣ ህዝቢ መሳብርዑ ንምምሕያሽ ኣብ ዓመተ 2-3 ግዜ ንምልማዕ ኣበርቲዑ ክሰርሕን ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ጻዕርታቱ ክሓይልን ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ተስፉ ፍስሃጼን ብወገኑ፣ ምምላእ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ትሕተ-ቅርጻን ብደረጃ ሃገር ቀዳምነት ንርሑቕ ገጠራት ብምሃብ ብዕቱብ ይስራሓሉ ከምዘሎ ጠቒሱ፣ እዛ ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ'ቲ ዞባን ዝተሃንጸት ዲጋ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ኣብ ካልኦት ዓድታት ክትግበር ዝጸንሐ ተመሳሳሊ መስርሕ ህንጻት ዲጋታትን ራህያታትን ምዃና ኣብሪሁ።

ኣቶ ተስፉ ኣስዒቡ፣ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 12 ዲጋታት፣ 5 ራህያታትን 54 ዒላታትን ከምዘለዋ፣ 68 ሚእታዊት ካብ ነበርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ክሰትዩ ከምዝጀመሩ፡ ጥሪት'ውን ከይሃለኻ ካብ ከባቢኦን ክሰትያ ከምዝኽእላ ብምሕባር፣ ህዝቢ ጥብ ዝበለት ማይ ብምዕቃብ ቀጻልነት ምንጪ ማይ ንምውሓስ ንዝካየድ ጻዕሪ ንምዕዋት ክተጥፍ ተላቢዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻዊ ህንጻ ዞባ ማእከል ኢንጂነር ኣብርሃም ዳንኤል ብወገኑ፣ እታ ልዕሊ 14 ሜትሮ ብራኸ ዘለዋ ዲጋ፡ ኣስታት 25 ሄክታር ክተልምዕ ከምትኽእል ሓቢሩ።

ነበርቲ ንኡሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ ምስ ምህናጽ ናይዛ ዲጋ፡ ማይ ንምጉራት ዘጥፍእዎ ዝነበሩ ግዜን ዝነበሮም ሃልክን ከምዝተቐንጠጠ ብምግላጽ፣ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋትን ጥሪቶም ንምስሳንን ዓጸፋ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

## ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻየዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ - ምምሕዳራት ከባቢ ሰላምን ብያራን ናይ ከተማ ባረንቱ፡ ከምኡ'ውን ምምሕዳራት ከባቢ ዳሰን ዓዋሉን ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣባላት ዓድን ተኻየዱ።

ኣብ'ቲ ናይ ምርጫ ስነ-ስርዓት ዝተረኸበ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ ኣወረልዮ ጃኮሚኖ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ምርጫ ህዝቢ ብቑዓትን ጽፉፋትን ሰለጥን ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ዝረኽቡሉ ባይታ ንምፍጣር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ብቕንዕናን ተወፋይነትን ከመሓድርዎ ዝኽእሉ ዜጋታት ክመርጽ ንዝተዋህቦ ዕድል ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣዘኻኺሩ።

እቶም ብህዝቢ ዝተመርጹ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ብወገኖም ኣብ ዝሃብዎ ቓል፡ ህዝቢ ዘሰከሞም ሪዚን ሓላፍነት ተገንዚቦም መደባት ስራሕ ንምዕዋትን ብቑዕ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽን ብትግሃትን ተወፋይነትን ክሰርሑ ምዃኖም ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ህዝቢ ከም'ቲ ኣማኒኑ ዝመረጾም ኣብ ስርሖም ዘድሊ ምትሕግጋዝ ክገብረሎም፡ ምምሕዳር ድማ ዓቕሞም ንምሕያል ናይ ስልጠና መደባት ክሰርዓሎም ተላብዮም።

## ነበርቲ ጣላ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ብውህደት ከምዝዓዩ ኣረጋጊጾም

ነበርቲ ጣላ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ፡ ዕለታዊ መነባብሮኦም ንምቕላልን ንምምዕባልን ዝሰላሰሉ መደባት ልምዓትን ንምዕዋት፡ ገዚኦምን ጉልበቶምን ኣወሃሂዶም ኣበርክቶኦም ክብ ከምዝብሉ ኣረጋጊጾም።

ንሳቶም ዚ ዝገለጹ፡ ካብ 12 ጥሪ ጀሚሮም ብምሽክራታት ተሓጊዞም መዓልታዊ 8 ሰዓታት እናሰርሑ ካብ ዓዲ ከፈሎት ናብ ዓዶም ዝኣቱ ኣስታት 15 ኪሎ ሜተር ናይ ሓመድ ጽርግያ ብምዝዛም፡ ኣስታት 8 ኪሎሜተር ዝንውሓቱ ጽርግያ ጣላ - ቓቕብዳ ንምስራሕ ኣብ ዝጥዓሉ ዘለዉ ኢጋጥሚ'ዩ።

ኣብ'ቲ ስራሕ ዘወሃሃድ ዘሎ ኣቶ ገብረሂወት ተስፋሚካኤል ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ጽርግያ ጣላ - ቓቕብዳ 75 ሚእታዊት ካብ ስራሓቱ ከምዝተዛዘመ ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ዝዋደዱ መደባት ንምድንፋዕን ኣብ ግዜኦም ንምዝዛምን ዝርኣይዎ ንጡፍ ስራሕን ተወፋይነትን መጉሱ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ እቲ ስራሕ ብምውህሃድ ኣብ ዓድን ካልእ ከባቢታትን ዝርከቡ ደቂ ዓዲ ይዕመም ከምዘሎ ብምብራህ፡ እቲ ዝተዛዘመ ጽርግያ ዝረኽቦም ዝነበረ ጸገማት መጓዓዝያ ከምዝፈትሓሎም ገሊጾም።

ነበርቲ ጣላ ዘወሰድዎ ተበግሶ ንካልኦት ዓድታት ኣብነት ከምዝኾነ'ውን ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ኣብርሃም ተኪኡ፡ እቲ ዝተሰርሐ ጽርግያ ምሉእ ውሕስነት ንኽህልዎ፡ ብጉልበቶም ናት ምክልኻሊ ውሕጅ መናድቕ፡ ከምኡ'ውን ቢንቶታት ንኽሰርሓሉ እቲ ጻዕሪ ክቕጽል ብምልባው፡ ኣብ ንጥፈታቶም ምትሕብባር ምምሕዳሩ ከምዘይፍለዮም ኣረጋጊጹሎም።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**
ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ. 200454 - 07121322

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

**ለይ-ኣውት**
ኤደን ሃብተኣብ
ኣብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ




ያሬድ ካብታ ከም መጋቢ ተቖጺሩ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ዝሰርሓላ መርከብ፡ ብተመሳሳሊ ስራሕ ናብ ካልእ መርከብ ሰገረ። እቶም ኣብኣ ዝጸንሕዎ ኣባላት'ውን ከም ሰራሕተኛ ዘይኮነ ከም ንኡሽተይ ሓዎም ብሓልዮትን ፍቕርን ይሕዝዎ ከምዝነበሩ ይገልጽ።

"ነቶም ዘሰርሑኒ ዝነበሩ ብምልኦም ኣዚየ'የ ዘመስግኖም። ከም ወዶም እምበር ከምሰራሕተኛኦም ኣይራኣዩንን። ብፍላይ ተጋዳላይ ተኽለሰንበት ዳኘው(ወዲ ሃንዛ) ክሳብ ሕጂ ከም ኣያ ኮይኑ ኣብ ህይወተይ ብዙሕ'ዩ ገይሩለይ። ነቲ ንኽማሃር ኢለ ዘበገስኩዎ ሓሳብ ብኽፉት ልቢ ተቐቢሉ ኣጀሚሩኒ። ነቲ ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ዝቋረጽኩዎ ትምህርቲ ቀጺለዮ። ኣብ 2011 ከኣ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ወዲአ ምስ መበል 25 ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪደ።" ይብል።

ብዘይካ'ዚ ያሬድ፡ ኪንዮ ናይ ምግብና ስራሕ ካልእ ሞያ ንምጥራይ ከምዝጸዓረን ጎድኒ ጎድኒ መዓልታዊ ስርሑን ኣካዳሚያዊ ትምህርቱን ኣብ'ቲ ብዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ብ2008 ኣብ ወደብ ባጽዕ ዝተዋህበ ስልጠና ናይ ጽገና ፍሪጅ፡ ቬንቲለተርን ኤርኮንዲሽነርን ብምስታፍ ብዘጥረዮ ሞያ ኣብ ወደብ ባጽዕ ክሰርሕ ከምዝጀመርን እናሰርሐ ከሎ'ውን ናይ ፎርኖ ጽገናን ኤሌክቲሪሲቲን ሞያ ክቐስም ከምዝጸዓረን ይገልጽ።

"ነፍሲ ወከፍ ዓመት ካብዚ ዘለኹዎ ገለ ደረጃ ዕብየት ኣብ ህይወተይ ኣመዝጊባ ክትሓልፍ ኣለዋ' ዝብል ሕልና ነይሩኒ። ኣብ ርእሲ'ቲ ዝቐሰምኩዎ ተክኒካዊ ሞያ ከኣ ናይ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ናይ ምዝዋር መኪና ወረቐት ምስክር(ፓተንት) ሒዘ ናይ ኮምፒዩተር ትምህርቲ'ውን ወሲኸ..ከምኡ እናበልኩ ከኣ ኣብ መወዳእታ ናብ ሳዋ ወሪደ። ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ከኣ ብዛዕባ ስርሐይን ትምህርተይን ጥራይ'የ ዝሓስብ ዝነበርኩ። ኣብ መነባብሮይ'ውን ብዙሕ ለውጢ ኣምጺአ። ድሕሪ

# "ህይወት ሞት ሕጹይ. . .ክሳብ መኣስ?"

ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

ናብ ሳዋ ምውራደይ ግን እቲ ስድራቤት ናይ ኣደይ ምድላይ ዝብል ሓሳብ መሊሱ ደጊሱ። ብፍላይ ድሕሪ ካብ ሳዋ ምውጻአይ ከኣ ነቲ ጉዳይ ኣብ ሓደ መዕለቢ ከብጽሖ ኣለኒ ኢለ ተበጊሰ።" ይብል ያሬድ።

ናይታ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ትቕመጥ ዝነበረት ኣሞኡ፡ ናብ ዓዲ'ኳላ ብምኻድ ደሃይ ክሓታትት ጀመረ'ሞ 'ኣብ'ዚ ቀረባ ኣዋርሕ ናብ ኣስመራ

እቲ ሓቂ ምስ መጽኣት ካብ ኣፋ እረኽቦ ኢለ ድማ ክጽበ መሪጸ።"

እታ መዓልቲ ኣኸለት። እታ ክጽበያ ዝጸንሐ ኣሞኡ ናብ ዓዳ ተመሊሳ ኣብ ክንዲ



እታ ንምስጢር ናይቲ ዝተበገሰሉ ሓሳብ ትፈልጥ'ያ ኢሉ ምሉእ እምነት ዘንበረላ ሰብ እታ ብህጻኑ ኣደኡ ምስ ሞተተ ምስ ዓባዩን ሓወቦኡን ኮይና ካብ ጎረቤት እንዳ ኣደኡ ዝተረከበቶ ኣሞኡ ኣስቴር'ያ ዝነበረት።

"ሓወቦይን ዓባየይን ሞይቶም እዮም። እታ ሓንቲ ብዛዕባ ኣደይ ክትነግረኒ ኢለ ዝሓሰብኩዋን ኣብ ቦታ ኣደይ ኣቐሚጠ ከም ኣደይ ዝሓሰብኩዋን ኣሞይ እያ። ስለዚ ወላ'ኳ ንሳ ቅድሚ ሕጂ ብተደጋጋሚ ንሕቶይ ዕሽሽ እንተበለቶ ምናልባት ገና ንእሽቶይ'ዩ ዘሎ ኢላ ሓሲባ ክትከውን ትኽእልያ ኢለ ብዙሕ የሸግራ ኣይነበርኩን። ሕጂ ግን ክንዲ ሰብ ኣኺለ'የ። ስለዚ ኣግሂዳ ብዛዕባ ኣደይ ሓዲኡ ክትነግረኒ ምስኣ ዝራኸበሉ መዓልቲ'የ ዝጽበ ነይረ።" ዝበለ ያሬድ ሓደ መዓልቲ

ክትመጽእ'ያ ይበሃል ኣሎ።" ዝብል ሓበሬታ ካብ ኣዝማዱ ሰምዐ።

"ነዚ ምስ ሰማዕኩ ኣዚየ ተሰፋ ገይረ። በቲ ነቲ ዘየቕስነኒ ጉዳይ ኣደይ ገለ ጭቡጥ ሓበሬታ እረክብ፡ በቲ ከኣ ምስ ኣሞይ ኮይነ ኣነ ከም ውሉዳ ንሳ ከም ኣደይ ንነብር እናበልኩ ነቲ ኣብ ዓዲ'ኳላ ዝነበረ ገዛ ዓቕመይ ብዝፍቅዶ ጸጋጊነ፡ ነታ ኣሞይ እትመጽኣላ መዓልቲ ብሃረርታ ተጸበኹዋ። ኣብ ኣጋ ምምጻኣ ግን ሓደ ካልእ ኣብ ኣእምሮይ ዘይተጸበኽዎ ዘሰንብድ ሓበሬታ ሰሚዐ' ሓቂ ኣይግበ ድማ በልኩ።" ምስበለ፡

"እንታይ ሓበሬታኡ?" ተወከስኩዎ።

"ኣሞኻ ናብ ዓዲ'ኳላ ትመጽእ ዘላ ነቲ ገዛ ሸይጣ ገንዘባ ኣኪባ ንምምላስ እምበር ኣብዚ ክትቕመጥ ኢላ ኣይኮነትን' ዝብል ዘረባ እየ ሰሚዐ። ደሓን ትምጻእ እሞ

ናብ ገዛኣ ናብ እንዳ ዘመድ ከምዝኣተወት ኣስተውዓለ ያሬድ። ናብ'ቲ እንዳ ዘመድ ብኣካል ብምኻድ ምስ ኣሞኡ ከምዝተራኸበ ዝገለጸ ያሬድ፡ ነቲ 'ሓቂ ኣይግበር' እናበለ ብልቡ ዝጽልዮ ዝነበረ ዝጻረር ምንቅስቓስ ከስተውዕልን እቲ ወረ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ናብ ጭቡጥ ነገር ክቀያየርን ኣስተውዓለ።

"እቲ ነገራት እናሕሰበኒ ሓቲተያ። ብርግጽ ገዛ ሸያይጣ ክትምለስ'ዩ መደባ። ኣይጸንሐትን ነቲ ዘምጸኣ ጉዳይ ፈጺማ ናብ ኣዲስ ኣበባ ተበገሰት።" ምስበለ ንዕላሉ ብሕቶ ኮለፍኩዎ።

"ገለ ብዛዕባ ደሃይ ስድራ ወላዲትካ ኣይሓተትካያን?"

"ሓቲተያ'ምበር! ብዛዕባ ኣደኻ ዝፈልጦ ነገር የብለይን። እንተደሊኻ ናይቲ ንመጸገኒ ገዛ ዘውጻእካዮ ገንዘብ ዋጋ ንገረኒ ክኸፍለካ' ክትብል'ያ

መሊሳትለይ። ጉህየ..ሓሪቐ፡ "ኣነ ዘድልየኒ ሰብ እምበር ገንዘብ ኣይኮነን።' ኢለያ ተስፋ ቆሪጸ እንደገና ካብ ገጻን ካብ ዓዲ'ኳላን ርሒቐ ናብ ቦታይ ተመሊሰ።"

"ናብ ቦታይ ማለት?" ሓተትኩዎ።

"መቸም ዓለም በቲ ሓደ ወገና እሾኽ በቲ ካልእ ከኣ ለምለም'ያ። ይገርመካ'ዩ እቲ ካብ ሳዋ ትምህርትን ታዕሊምን ወዲአ ምስ ወጻእኩ ናብ'ቲ ከም መጋባይ ተማሃራይ ኮይነ ዝሰርሓሉ ዝነበርኩ ብዙሓት ፈተውቲ ኣያታት ዘጥረኹሉ ሓይሊ ባሕሪ'የ ተመዲበ። ንሳቶም ከኣ ናብኡ ምምዳበይ ብሓጎስ ተቐቢሎምኒ። በዚ ከኣ እደዓዓስ ናይ ኣደይ ጉዳይ ግን ገና ኣየቕሰነንን።" እብል።

ያሬድ ኣይቀሰነን። ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን ነቶም ብድሕሪ ኣሞኡ ኣስቴር ብዛዕባ ኣደኡ ገለ ሓበሬታ ይፈልጡ'ዮም ኢሉ ዝሓሰቦም መቕርብ ካብ ምውካስ ኣየዕረፈን።

"ኣነ ብዛዕባ ኣደይ እሓትት" ክብል'ዩ ዕላሉ ዛዚሙ ያሬድ። ካልእ ብዛዕባ ኣቦይ ሓበሬታ ይጸንሓኒ። ለካ ኣቦይ ሰለስተ ኣንስቲ'የን ነይረንኦ። ከምኡ እንተኾይኑ ምናልባት ብኣቦይ ዝውለዱ ኣሕዋት ክህልዉኒ ይኽእሉ እዮም ብምባል ብዛዕባ'ተን ኣንስቲ ኣቦይ ዝነበራ'ውን ከጣይቕ ፈቲነ። እታ ሓንቲ ኣብ ከባቢ ጾሮና'ያ ዘላ' ሰሚዐ ዛጊት ኣይከድኩዋን። እታ ሓንቲ ግን ቅድሚ ገለ ዓመታት ከም ዝዓረፈትን ንዓኣ ኣደኣ(ሓማት ኣቦይ) ኣብ ከባቢ ገዛ ባንዳ ጥልያን ከምዘላን ተሓቢረ፡ ናይ መርዓ ኣቦይ ስእሊ ሒዘ ከይደ ደልየ ረኺበያ። ዝኾነ ሓበሬታ ክትህበኒ ግን ኣይከኣለትን።" ይብል ያሬድ።

"ኣብ መወዳእታ ከም ኣማራጺ ዝወሰድኩዎ ብመገዲ 'ገጻት ህይወት ገለ ደሃይ ስድራ ወላዲተይ እንተረኺብኩ እስከ ክፍትን' ብምባል'የ ናብ ፈርቶ ደይበ። እንታይ ደኣ'ሞ ህይወት ሞት ሕጹይከ ክሳብ መኣስ? እንታይ ይፍለጥ ምናልባት'ውን ኣሕዋት ይህልዉኒ ይኾኑ።" ብምባል'ዩ ዕላሉ ዛዚሙ-ያሬድ።

# ዳየሪ

ሱራፌል ተ/ብሩኽ

## ቀለም እንክመርሕ

ጥሪ 2002 - ማእከላይ ድኳን ሳዋ



ኣነ ደየ ብርግጽ ዝርሕቕ ዘለኹ ኣይፈልጥን፣ ግን ነዊሕ ኩይኑ ካብ ዘይንቃረብ። ምስ ዳየረይ ዝራኸበሉ እዋን ብዙሕ እናኾነ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ ግዜ ግን ንቃረብ ኣለና። ዳየሪ ከምዚ መጉዲ ኣለዎ ኢለ ሓሰብ ኣይፈልጥን። ኑቲ ዘይሓለፈለይ ኩነታት፡ ኑቲ መውዳእታ ዝሰኣንኩሉ ሰንፈላል ብሓሳቡት ጥራይ ክካወለይ ዝኽእል ኣይኩነን። ተዛሪበ ዝፍሰለይ ኣይኩነን። ለሚ 'ህ' ኢላ ትሰምዕ እዝኪ ዝረክበውን ጻዕሪዩ። ደቀቕቶም ዓበይቶም ኣብ ዳየረይ ምስፉር ምስ ጀመርኩ ግን ጋዕገልጠም ሓሳቡተይ እናተወገኑ፡ እቶም ኣዝዮም ዝዓጀበኒ ካብ ደነ እናወጽኡለይ መጺኦም። ካብቲ ንብር ዛዕባታት ወጺአ ምስ ኑብሰይ ክቃረብ ዕድል ረኺበ ኣለኹ።

ካብ ብርዐይ ዘሪቼን ኣብ ጸዕዳዚ ገጻት ዝዓልብ ኑጥብጣብ ቀለም ተደማሚሩ ናብ ሓደ ክረኣየኒ ዘይጸንሐ ኣንፈት ክመርሓኒ ጀሚሩ ኣሎ። ቀለም ይፈስስ፡ ሓሳቡት ይስእል። እቲ ስእሊታት ከኣ ከም ማይ ጸሎት ንውሽጠይ ይሓጽብ። ኩሉ ኣላገበ እናኸርእዮ ከኣ ናይ ሓደ ቀስቲ ቅርጺ ኣለዎ። እዚ ቀስቲ ካብ ሃሳስ ብርሃን እናጸልመተ ናይ ዝኸይድ ማዕሙቕ የመልክት። ኣብ መጀመርታ ምድፋሩ ስኢነ። ዝፈስስ ቀለም፡ ዝስኣል ሓሳቡት፡ ውሻጠ ዝሓጽብ መጫፅጫዕታ ማይ ጸሎት ምስ በዝሓለይ ግን ተሰፉ ረኺበ። ንእሽቶይ ወገግ ኢሉ ዝተኸፍተ መሲሉኒ። ሓደ ኢለ ክስጉም ጀሚረ። ዘዋሪት እግሪ ሓደው ንድራር ሓደው ንቡትሪ ከም ዝበሃል፡ ኣሃዱ ዝበለ ስጉሚ ሓደ ምስጠር ምሂሩኒ መስለኒ።

ሓደ ሓደ ግዜ ማዕዶኻ ዘሎ ቦታ ጸልማት፡ እቲ ንሰኻ ዘለኻዮ ከኣ ብርሃን ኩይኑ ይስመዓካ እዩ። ናብኡ እናቐረብካ ምስ ከድካ እቲ ድሕሬኻ ዘሎ እናጸልመተ፡ እቲ ትቕርቦ ዘለኻ ከኣ እናበርሀ ይኸይድ። እዚ ስጉሚ ቀድሚ ምጅማረይ ብማዕዶ ዝተራእየኒ ዝጸልመተ ነይሩ። ሓደ ምስ በልኩ ግን እናበርሀ ከይዱ። ምስ በጺሕኩዎ ጽቡቕ ገይሩ ይበርህ፣ ንቕድመይ ከኣ ሃሳስ ባና ሂቡ የሰንየኒ - የተስፍወኒ። ግን ከምቲ ኣብ ጋህዲ ዓለም ዘሎ፡ እቲ ዝሓለፍኩዎ ቀሊሕ እንክብለሎ ኣይጽልምትን እዩ። ከም ሓደ ህያው፡ ከም ሓደ ፍጡር፡ ዝሓስበን ዝርድእን ኩይኑስ ሓኒኹ ርእሱ ዘድንን ይመስለኒ። ብርሃኑ ግን ፍጹምዩ ዘይጉድል። ግና እቲ ዘለኹዎ ዚያዳ የብርሆ። ኑቲ ኣብኡ ኩይነ ክርእዮ ዘይክኣልኩ ዙርያኡ ሕጂ ኣማዕዲየ ክርእዮ ክኢለ።

እዚ ናይ እግሪ ተኸሊ ስጉሚ ታተዩ። ቡቲ ጫፍ መራሒ ቀስቲ፡ "ደው ኢላ ዳዕሮ ... ደው ኢላ ዳዕሮ" ዝብል ብብዙሕ ናይ ድምጺ ሳጹን ዝሓለፈ ዝመስል ዜማ፡ ሕልሚ ኩይኑ ዝጥዕመኒ ደሃይ ሰማዕኩ። ህጃን "ደው ኢላ ዳዕሮ..." እንክበሃል ብሓገጣስ ተፈሺኹ፡ ቡተን ዘይደልደላ ኣብራኹ ሰይሰይ እናበለዩ ንዓውቱ ዝጸንበል። ንኑብሱ ይምጉሳ፣ ይሕበላ። ኣሃውን ከምኡዩ ገይረ።

## እዛ ጥቕስ'ኳ!

ሚያዝያ 2005 - ማይንፉሒ

መስትያት ምርኣይ ኣየዘውትርን እየ። እንታይ ዝረአ ኣለኒ ኩይኑ። ተዃሒለ ኣይተዃሒለ ዝውሰኸላን ዘጕድለላን የብለይን። ንግሆ ገጸይ ተሓጺበ፡ ጸጕረይ ዘርጊፈ ናብ ትምህርተይ'የ ዘብል። ገጽካ ኣብ መስትያት ርኢኻ ክውጻእ ንቡር እንተኾይኑ፡ ንበይነይ ይዕሹ ከይሀሉ። ከምኡ ከም ዘለውን ኣይዝክርንየ። ኣብ ገጸይ ዝኾነ ኣብር እንተሎ ሰብ ይስሕቀኒ ይኸውን። ዘትሰምየ ጸርፊ ... ስለ ዝኾነ ግን "ማዓሌሽ" ጥራይ'የ ክብሎ ዝኽእል። ምስቲ ጸራፊ ቡቲ ኣብ ገጸይ ዝጸንሕ ኣብር ክስሕቕ እኽእል እየ። ኣብረይ ኣብ ውሽጠይ፡ ጸርፊ ካብ ውሽጠይ እንተኾኑ ግን ከቐንዝውኒ ጉድዩ።

ኣብ ሓደ እንዳ ዓርከይ መደቀሲ'የ ከይደ። ኣካላቱ ተሓጺቡ ክሳብ ዝመጽእ ክጽበዮ ነይሩኒ። ኩፍ ምስ በልኩ ኣብ ፊተይ፡ ክንዲ ፍርቂ መቐመጢ ክዳንና - "ቦርድ" - ዝኸውን መስትያት ተሰቒሉ ረኣኹ። ናበይ ንኸይድ ከም ዘለና ምስ ዘከርኩ ኑታ መስትያት ተገዲሰላ። ቀሪበ ምስለይ ረኣኹ። መጀመርታ ክልተ ወገን ገጸይ ገማጢለ ርእየ፣ ግርም። ጸጕረይን ከባቢኡን ርእየውን ግርም። ምስ ምስለይ ዓይኒ ንዓይኒ ምስ ተራኸብና፣ ዘይግርም።

ኣዒንቲ ምስለይ ኣትኵረ ጠመትኩወን። ካብተን ንቡራት ኣዒንተይ ዝደቐቓ ይመስላ። "እሞ ኣትኵረ እጥምት ስለ ዘለኹዩ" ምዕይ ኢለ። ግን ከምኡ ኣይኩነን። መርዓት ኣዒንቲ ምስለይ ማይምጆ ዝሕብሩ ዘብረቕርቕ ማያዊ መጋረጃ ኣለዎ። ክልተ ወገን ጫፋቱ ከኣ ናብ ብሌን ዓይኒ ብስሩዕ ዝቐንኑ መስመራት ዘለዎ ይመስል። መርዓት ዓይነይ ክቡብ ከም ዓለም እያ። ብሌን ዓይነይ ከኣ ክቡብ ከም ጹሓይ። ኣብ ውሽጣ ሓንሳብ ክልተ፡ ሓንሳእ ሰለስተ ከበብቲ ቀጸላታት ድማ ይረኣዩኒ። እቲ ላዕለዋይ ጸሊም ሕብሪ ዘለዎ ክትርእዮ ዝፍተወካ እዩ። እቲ ሕመረት ግን ዓይኒ ድሙ ዝመስል ሕብሪ ዘለዎ፡ ትኵርን ልብኻ ዝኣቱን ጠመተ ኣለዎ። ኣፍራሒኒ ድማ።

ኣድቂቐ ንብሌን ዓይነይ ምስ ጠመትኩ፡ ብጭርምራም ቤትሮ ዝተሰርሐ ሞስኮት ኩይኑ ተራእዩኒ። ናብ ኑናቱ ዓለም ዘርኢ ቤትሮታትዩ። በዚ መስኮት ኣቢለ እንተሓለፈ ካልእ ዝገፍሐ፡ ገሊኡ ዝበርሀ ገሊኡ ዝጸልመተ፡ ገሊኡ ዝጠለለ ገሊኡ ዝደረቐ፡ ገሊኡ ዝበቘለ ገሊኡ ዝቃደረ ... ዓለማት ዝወስደኒ ኩይኑ ተሰሚዑኒ።

ኣብ ምስለይ ዘሎ ዓይኒ ካልእ ዝገረመኒ ነገር ኣሎ። ፍጹምዩ ጥቕስ ዘይብል። ብጺጋም ይሃሉ ብጾማን እንክጥምቶ፡ ጥቕስ ከይበለ ይጥምተኒ ኣሎ። "ዓሻ" ኣይትብለኒ። ምስ ዓይነይ ፍቕሪ ሒዙኒ ከም ዘይጸንሐ ሕጂ ግን ባህ ኣይበለኒን። ኣብ መስትያት ዝቘመ ምስለይ ዘይኩነ ሕልናይ'ዩ መሰለኒ። ሕልናይ ከኣ ደሁል፡ ምስ ዝመጸ ንፋስ ዝስዕስዕ ወረኛ፡ ኪንዮ ኣፍንጫኡ ዘይርእይ፡ ... ኣይፈቱን'ዩ። ኑብሰይ ስለ ዝፈልጣ ከኣ ደሪቐ ዓይኒ ዓይኒ ክርእዮ ኣይክእልን እየ። ሓቀይ'የ ክፈርሕ።

## ማዕዶ ማዕዶ

26 ታሕሳስ 2014

12:18 ቅ.ቐ.



ኣብዛ መዝጉብ ምሳኺ ጥራይ ከም ዘዕልል ትፈልጢ ኢኺ ሳሪታ። ክንዲ ምንታይ ከም ዘፍቅረኪ ትፈልጢ እንተኾንኪ፡ ክንዲ ምንታይ እናፍቐኪ ከም ዘለኹ ክትግምትዮ ቀሊል'ዩ። ኩሉ ግዜ ከም ድላይካ ከም ዘይክወን ኣንዳዕዳዕ እፈልጥ እየ። "ናይ ህይወት ነገር ከምኡ'ዩ" እናበልኩ ክንደይ ግዜ'ሞ ዘይመደርኩ። ምምዳርኳ ደሓን!? ዕላልና ምስ ህይወት ኣተኣሳሲርና ከዕልል ባህ ይብለኒ ከም ዝበረ ትፈልጢ ኢኺ። ህይወት ዝሑብራ'ምበር ዝዛረበላ ከም ዘይስኣን ንስኺ ልዕለይ ትፈልጢዮ። ሕጂ እንኩሓስቦ ከኣ ምስ ገለኡ ሽዑ በጨኹ ዝበለኒ ዘረባ ተፋጢጠ ኣለኹ።

ምፍላይኪ ንብዙሕ ነገርኪ ከም ስእሊ እናመላለሰ ይወግኣኒ ከም ዘሎ ክነግረኪ ኣይደሊን። ማዕረይ - ኣረ ልዕለይ - ኣክንዲ ክንዳይ ከም ትቕንዘዊ ጽቡቕ ገይረ እፈልጥየ። እቲ እናሻዕ ዝመላለሰኒ ዝበረ ስክፍታ፡ ሕጂ'ውን "እሕሕ!" ይብለኒ'ኳ እንተ ሃለወ ምሳይ ከም ትቕንዘዊ ዘረባ ኣይደለኹሉን። ዲል ምእንታን ከይረክብ ኢለ ኣይኩንኩን። ሓቅኑቱ ዚያዳ ይረኣየኒ ስለ ዘሎ'የ።

ሳሪታ ቤላ! ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ንዓኺ ዘናፍቕ ነገር ኣለዋ። ነፍሲ-ወከፍ ዕላል ፍቕሪ፡ ዕላል ናብራ፡ ንዓኺ የዘክረኒ። ዋላ እተን ብድሕሬኺ ዝቐረብኩወን ኣዋልድ፡ ከይተረድኣን ከም ዝናፍቐኪ ይጉብራ ኣለዋ። ብፍላይ ኣብ ቅድሚ እቶም ትፈልጢዮም ክልተ ኣዕሩኽተይ ክትዝከሪ ዘይመርጸሉ ግዜ በጺሐ ኣለኹ። ትም ኢለ ስለ ዝሰደድኩኺ፡ ሰብ ክቼጽሩኒ ኣይከኣሉን። ዳርጋ ማዕረኺ ንኹሉ ኩነታተይ እናፈለጡ፡ ንምኽንያተይ ክቕበሉዎ ኣይከኣሉን። ንዓኺ ዘከር እንተ መጺኡ፡ ስንፍናይ እናተላዕለ ድቃስ ስኢነ። ዝገርምዩ! እቶም ዝፈትውኺ ኣዕሩኽይ ልዕለይ ሓሚሞም።

ምፍላይኪ ዝሰማዕኩሉ ቅንያት ኣዕሩኽይ ኣብ ጐኒይ እንተ ዘይህሉው እንታይ ምገበርኩ ኣይፈልጥን። ሽዑ ዝስመዓኒ ዝነበረ ትብዓት ረኺበ ዘየንትወልኪ መዓልቲ ፈጣሪ ይሃበና። ንዓኺ ከዕልለኪ ጥራይ ዘይኮነ ኑብሰይ ተመሊሰ ክርእያ እደሊ ኣለኹ። ከምቲ ዝመለኽኩዎ ጽውጽዋያት ቊልዕነተይ ሲጋእ ከይብልኩ ክዕልለሉ እደሊ።

ህይወተይ ከምኡ ገይሩ ምሳኺ ይግዕዝ ኢለ እግምት ኣይነበርኩን። ሽሕ ግዜ ዘፍቅረኪ ይኹን፡ ህይወትካ ዝወሰድ ፍቕሪ ክህልወኒ ይኽእል'ዩ ኣይበልኩን። ናብራይ ካብ ኩሉ ዝሕይል ይመስለኒ ነይሩ፣ ግን ዓሸየየ። ካባኺ ምፍላይ ክኢለዮ እንተ ኸይደ ዝመጽአ ይምጻእ ከም ዝኽእሎ ፈሊጠ ኣለኹ። በሰላ ምፍላይኪ ውሽጠይ ቀሊዕ ዘርእየኒ መዓልቲ ክምጽኣና እምነ።

## ዓገብ'ባ በልለይ

26 ታሕሳስ 2012 - ጃካራንዳ

ኣብዚ ከውታ
ናይዚ...
ዓመት መውዳእታ
ጭውው ዝበለ ለይቲ
ኳዕ ኢላ ተብርሆ ወርሒ፤
....
ድሕሪ ጹሓየይ ምዕራባ
ዶ ሰላም ተረኺባ
ጸልማቱ ብርሃኑ
ዓይነይ ዓሚቱ
ሒዙኒ'ሉ፡
ቅድመይ ጉዲፈ ድሕረይ
ፊተይ ጉዲፈ ውሽጠይ
ሰላመይ ጉዲፈ ቃንዛይ
ክርኢ፡ ከረኑ፡
ስክፍታይ ምሳይ ሓዲሩ።
ኣብ ጐኒይ ከምዛ ኮሚኺ
ዓራተይ ሰቒለ ዘይክንዳኺ
ኣብዚ ጽምጽም ዝበለ ለይቲ፡
ኣኻልብ ስምኪ 'ናጸውዑ ብዓውታ
ጣሕሽምሽም ወረሱ ናትኪ ሕሹኽታ
ኣብዚ ከውታ
ዓመት መውዳእታ፡
ኪንዮ ዓራተይ ማዕዶ ማዕዶታት
እናወሰደ፡
ኣብ ዘይጭብጦ-ዘይገዘድ ሕልሚታት
እናኸደደ፡
ከም ኣመሉ
ናፍቖት ሓዚሉ
የንድዳ 'ሎ ልበይ
ዓጉበ'ባ በልለይ።
/2012

## መዝሙር ልበይ

ረቡዕ 19 ሕዳር 2008

11:00 ድ.ቐ. - ድባርዋ

ልበይ እንታይ ከይትዝምር ኢላ! ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ክንዮ ሓንቲ መዝሙር ካልእ ዝዝመር የብላን። ንነዊሕ እዋን ዝዘመረታ መዝሙር እያ። ሕጂ ግን ምስቁርቋር ትሕውሰሉ ዘላ ትመስል። ወይ ከምኡ ክኸውን ግዲ ደልየዮ። ትምኖ መዝሙር ኣይኩነትን። ወትሩ ኣብ ጸጸባሕ ምስ ጨፈራ ወጋሕታ፡ ምስ ደወል ቤተ ክርስትያንን ኣእዛንን እናሰማዕኩዋ መመሊሳ ትሕደስ፡ ትጥዕም፡ ትምቅር።



ምቅርቲ፡ መዝሙር ልበይ እንታይ ምኳና ትጠፍኣኪ ኣይብልን። ምኽንያቱ ልበይ ምሳኺ ኣብኡ ስለ ዘላ። ንሓዋሩ ምሳኺ ክትህሉ'የ ዝደልያ። ወትሩ ብኣኺ ክትዝምር'ዩ ባህታይ። ወትሩ ንስምኪ ክትጽውዕ'ዩ ድልየተይ። ካልእ ህይወታ ኣይኩነን። ንሰኻ ዘይትኾነሉ፡ ከም ባህታኻን ደስታኻን ዘይትኾነሉ ሃለዋት ከኣ ኣይተሃሉ!! ልበይ ከኣ ከም ባህታኣ ትኾነሉ፡ ብባዕላ ትሕገጉሰሉ ሰፈር ምሳኺ ኣሎ። ምሳኺ ትኹን ሕደግያ።

ምንባርን ህይወትን ይፈላለ ዲዩ ኣይፈላለን ኣይፈልጥን። ንሕጂ ግን ምንባር ከም ከይሞትካ ምጽናሕ ወሲደዮ ኣለኹ። ህይወት ከኣ ከም ጹሓይ እናደመቕካ፡ ከም ወርሒ እናልዘብካ፡ ከም ከዋኽብቲ እናተሰራሰርካ ምንባር ሓሲበዮ ኣለኹ። ልበይ ከኣ ህይወት እምበር ምንባር ኣየድልያን። ፈራሕ ኣይመተ ተባዕ ኣይመተ ላንጋላንጋ ሞተ ደዩ ዝተባህለ? ልበይ ካብ ላንጋ ላንጋ የድሕና። ተፈጥሮ ኣይኣዝዝ! ምስ ተፈጥሮ ክትገጥም ዝከኣል ኣይመስለኒን። ስለ ዘይበጻሕናዮ'ምበር ይከኣል'ውን ይኸውን? ኣይከኣልን'ዩ ዝበሃል የለን፣ መዓልቱ ስለ ዘይኣኸለ'ምበር። ሱብ ብሰማይ-ሰማይ ክኸይድ ዘስሕቕ ሕልሚ ይመስል ነይሩ ይኸውን፡ ግን ንኸዶ ኣለና። ሽዑ መዓልቱ ኣይኣኸለን እምበር ይከኣልሲ ነይሩ እዩ። ቅጫኻ ካብ ሞጐኒ ከይበሰለትዶ ኣውጺእካ ትብላዕ ኩይና።

ኣጸዋረይ መዝሙረይ እዩ። እቲ ኣብ ልበይ ዘሎ'ወ! እቲ ንልበይ ዘገሻ፡ እቲ ንልበይ ዘወናውና። ቀሪቡ ርሒቑ፡ ሓሲሙ ርህዩ፡ በሪሁ ጸልሚቱ፡ ብሓደ ዝሃሉ ንመዓዶ ... ዘንትእለት ዘይትቕየር መዝሙር ንሳያ.... "ኣፍቅረኪ'የ"።

****

# እንታይ ትመኽሩኒ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

## ከመይ ገይረ ከጽንሖ?



ጓል 18 ዓመት ጎርዞ እየ። ምስ'ቲ ወዲ 24 ዓርከይ ካብ እንላለ ዳርጋ ዓመት ገይርና ኣለና። ኣነ እሬትዎ እየ። ንሱ እውን ኣመና ከም ዝፈትወኒ እፈልጥ እየ። ናይ መርዓ ሕቶ ምስ ኣቕረበለይ ክሳብ ሕጂ መልሲ ኣይሃብኩዎን። ኣነ ድማ ሕጂ ንእሽቶ ስለ ዘለኹን ኣብ ትምህርቲ ስለ ዘለኹን ሓዳር ኣይረኣየንን ኣሎ። ንሱ ግን ኩሉ ግዜ ንሰድራና ነገርና ሓዳርና ንግበር እናበለ ይሓተኒ ኣሎ። ኣነ ክሳብ ሕጂ "ሕራይ ሓንሳብ ባዕለይ ክዛረባ እየ" እናበልኩ ኣጸኒሐዮ ኣለኹ። "ቀስ ኢልና ዘይንዝምርያ እንታይ ዘሀውኽ ኣለና" እንተ በልኩዎ ድማ "ንሓዋሩስ ብሓንሳብ እንዲና ንነብር፡ ስለ'ዚ ካብ ሕጂ ሓዳር ገይርና መንብርና እንተመራሕናን መጻኢና እንተ ኣጥጢሕናን እንታይ ጸገም ኣለዎ" ይብለኒ። ብትምህርተይ ኣብ ሓደ ደረጃ ክበጽሕ ከም ዝደሊ እንተ ነገርኩዎ እውን "ሓዳር ምስ ገበርና ትምህርትኺ ትቕጽሊ" ይብለኒ። ኣነ ኣፍቅሮ እየ። ግና ኣብ'ዚ ዘለኹዎ ዕድመ ኣብ ሓዳር ክኣቱ ኣይደልን እየ። ስለ'ዚ ብኸመይ ኣእሚነ እየ ክልተ-ሰለስተ ዓመት ከም ዝጸንሕ ዝገብሮ?

A.Az መንደፈራ

ጓል 18 ዓመት ጎርዞ ሓዳር ንኽትገብር እኽልቲ እንተ ኸውትኺ፡ ከም ዝመስለና ግን ኣብ ንእስነትኪ ሓላፍነት ሓዳር ምስካም የፍርሃኪ ኣሎ። እቲ ናይ ብሓቂ ምኽንያት ንሱ እንተ ደኣ ኰይኑ፡ ብኣካልን ብኣእምሮን ምስ በሰልኪ ሓዳር ክትገብሪ ምውሳንኪ ዝጽላእ ኣይኰነን። ንዘተወሰ እዋን ምጽናሕኪ እውን ንዓርክኺ ጸቡቕ ገይርኪ ንኽትፈልጥዮ ክሕግዘኪ ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ንዓርክኺ እቲ ናይ ብሓቂ ምኽንያትኪ ንገርዮ። ክትነግርዮ ከለኺ ብዕቱብ ንገርዮ። ንኹሉ እትገብርዎ ስምምዕ ድማ ምኽንያታዊ ግበሩዎ። ዓርክኺ ንሰኺ ክትጸንሐ እናደለኺ ንመርዓ ዘሀውኾ ዘሎ ምኽንታይ እንታይ ከም ዝኾነ ክዛረበኪ ተወከስዮ። ንሱ ብዘቕርቦ ምኽንታይ እንተ ዘይኣማንኪ ቃልዓለም ከይገበርኪ ንሰኺ እውን ናትኪ ምኽንያት ንገርዮ።

ምናልባት ናቱ ንኽትቅበሊ ካብ ዘለዎ ሃረርታ ተበጊሱ፡ ብኻልኦት ንኸይምንጠል ፍርሂ ክህልዎ ስለ ዝኽእል፡ ሕጂ ብዘይዳ ተገደስሉ፡ ብዙሕ እዋን ምስኡ ኣሕልፊ፡ ኣመና ከም እተፍቅርዮን ብዘይካኡ ካልእ ከም ዘይትጥምቲን ብዘተፈላለየ ሜላ ኣርእዩዮ። ድሕሪ ግዜ ሓሳቡ ክትልውጢ ከም እትኽእሊ ግምት ክህልዎ ስለ ዝኽእል እውን ብዛዕባ ናይ መጻኢ ሂወትኩም ብዝተጉዳስኮት እናዕለልኪ፡ መጻኢኺ ምስ ናቱ መጻኢ ዝተኣሳሰረ ከም ዝኾነ ኣእምንዮ። ሓላፍነት ናይ ሓዳር ንኽትስከሚ ብኣምሮ ንኽትበስሊ ግዜ ከም ዘድልየኪ እውን ብዘይሕብእብእ ንገርዮ። ንዘይተወሰነ ግዜ ምጽባይ ከሰልችዮን እምነት ከም ዘጥፍእ ክገብሮን ስለ ዝኽእል ከኣ፡ እቲ ክትጸንሕዮ እትደልዩ ግዜ ወይ ዓመታት ብልክዕ ንገርዮ። ሰናዩ ንምኞ ልኪ!

# ክዕረቕዶ?



በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሓደ ቈልዓን እየ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን ምስ በዓል ቤተይ ተባኢስ ንብይነይ እየ ዝነብር ዘለኹ። ምስ በዓል ቤተይ ኣብ'ታ ቀዳመይቲ ዓመትና ደኣ'ምበር ኣብ ዝሰዓበ ሓዳርናስ ብጭቕጭቕ ኢና ሓሊፍናዮ። ካብ ናይ ቀደሚ ሕጂ ስለ ዝተማዘርኩ፡ እቲ ንዓይን ንበዓል ቤተይን ዘጨቓጭቐና ነገር ክዘርዝሮ ኣይደልን እየ። ብሓፈሻኡ ግን እቲ ዘቦኣሰና ነገራት ኣብ መንጎ ተዘራሪብና ክንኣልዮ ዝገበኣና ክስሲ፡ ሰኣን ግቡእ ግቡእ ኣተኣላልያ ኣብ ፍትሕ በጺሕና። እቲ ዝኸፍኣ ድማ ኣብ'ቲ ዝተገራጨናሉ እዋን መንነታት ምስ ኣተወና፡ ክልተና ስለ ዝተሓራረቕናን ልብና ስለ ዝተረሓሓቐን ንሱ ኣነ ዘይገበርኩዎ በደል ከይተረፈ እናዘርዘረ ኣብ ቅድሚ ሽማግሌታት ወንጂሉኒ። ኣነ ድማ ካብኡ ኣይሕለፍ ኢለ ዝገበሮን ዘይገበሮን ዘርዚረ ወንጂለዮ። ካብ ክልቴና ሓደ ትዕግስቲ ገይሩ ነቲ ጉዳይ ክፈትሖ ስለ ዘይፈተነ፡ ብናይ ክልቴና ምርጫ ተፋቲሕና። ሕጂ ኸኣ ድሕሪ ዓመት ናይ ክልቴና ቤተሰብን ካልኦት ደለይቲ ጸቡቕናን ክዕርቁና ተበጊሶም። ድሕሪ ነዊሕ ምልማንን ምዝርራብን ንሱ ሕራይ ኢሉዎም ኣሎ። ንሱ ፍቓደኛ ምስ ኰነ ከኣ ናተይ መልሲ ይጽበዩ ኣለዉ። ሕራይ ከይብሎም እቲ ንሓድሕድና ዝተወናጀልናዮ እናዘከርኩ ብሕጂ ከመይ ገይርና ተኣማሚንናን ተፋቒርናን ክንነብር ንኽእል እናበልኩ ተሰኪፈ። እምበር ከይብሎም ድማ ብዓቢኡ ዕርቂ ከም ዝሓይሽ እሓስብ፡ ልመናን ጻዕርን ናይ'ቶም ደለይቲ ጸቡቕ ድማ እናኸበደኒ። ኣብ መንጎ ተቐርቂረ ስለ ዘለኹ ስለ ማዕዳ ሃቡኒ።

ስመይ ዓቕቡላይ ካብ ኣስመራ

ኣብ እዋን ብርቱዕ ሕርቃን፡ ብስምዒት እኳ ውጽኦም ዘይቅዱዋት ቃላት ኣብ ንቡር ምስ ተመለስና ኣመና ከም ዘጣዕሱናን ገለኣቶም እውን ከም ዘሕፍሩናን ድሮ ንሰኺን በዓል ቤትክን ተገንዚብኩሞ ኣለኹም። እዚ እንተ ድኣ ተገንዚብኩም ድማ ኣብ ዝቕጽል ሓዳርኩም ብኸመይ ብሰላም ክትጓዕዙ ከም እትኽእሉ ተመኩሮ ወይ ትምህርቲ ረኺብኩም ኣለኹም። ወዲ ሰብ ንውሽጡ ብግሃይ ሓጺቡ ክጽርዮ ስለ ዝኽእል፡ እቲ ኣብ መንጎኹም ዝገበርኩሞ ምውንጃልን ዝተፈጥረ ቅርሕንቲን ሰናይ ድልየትኩም ስለ ዘኸውን ጥራይ ኣብ ሓደ እዋን ክትርስዕዎ ከም ዘይኮንኩም ክትግንዘቡ ኣለኩ። ስለ ዝኾነ፡ ዕርቂ እንተ ደኣ መሪጽኩም ኔሩ ዝሓለፈ በሰላ ኣብ ጉዕዞ ሓዳርኩም ከተዐርዩዎ ድሉዋት ክትኮኑ ይግብኣኩም። ዕርቂ ብድፋት ዝኾነ ከኣ ምስ በዓል ቤትኪ ብውልቂን ብቐጥታን ብዛዕባ'ቲ ንሓዳርኩም ዘፍረሰ ዘይምስማዕን ናይ ነብሲ ወከፍኩም ጌጋን ተዘራረብኩም ተዋሓሓጡ። ንገዛእ ርእሰኺ ጌጋኺ ብምእራም በዓል ቤትኪ እውን ጌጋኡ ነገርኪ ከም ዝቕበል ግበሪ። ኣብ ዝሓለፈ ሓዳርኩም፡ ካብ ዝፈጸምኩሞ ጌጋ ወላ ሓንቲ ተሓቢኡ ወይ ከይተላዕለ ክሓልፍ የብሉን።

ዕርቂ ብድፍኢት ናይ ሽማግሌታት ጥራይ ዘይኮነስ ብድልየትን እምነትን ናይ ክልተኹም ምስ ዝፍጸም ንሓዋሩ ብሰላም ናይ ምቕጻሉ ተኽእሎ ዓቢ እዩ። ወላኳ ኣብ ጉዳይኩም ደለይቲ ጸቡቕኩም ኣትዮም የቐራርቡኹም እንተ ሃለዉ፡ ኣቐዲምኪ ምስ በዓል ቤትኪ ክትዘራረቢን ብዛዕባ ሕሉፍ ይኹን መጻኢ ሂወትኪ ክትወስኒን ንምዕዳኪ። ሓደ ዓቢ ነገር ግን ኣሎ። ንገዛእ ርእስኺ ብዓቢኡ ሕተትያ። ብልቢ ዲኺ ዕርቂ ትሓቲ ዘለኺ? ሓሲብክን ኣሰላሲልክን ዕርቂ ከም እትደልዩ እንተ ድኣ ወሲንኪ፡ እቶም ኣብ መንጎ ክልተኹም ተፈጢሮም ዝነበሩ ዘይቅዱዋት ክስተታት ብናይ ክልተኹም ሕድገታት ቀስ ብቐስ እናሃሰሱ ክሽዱ ተኽእሎ ኣሎ። ስለ ዝኾነ ንመንነታት ተሰኪፍኪ ወይ እውን ዕርቂ ምግባር ጸቡቕ ምዃኑ ጥራይ ስለ ዝኣመንኪ፡ ዘይኮንኪ ክትወስኒ ዘለኪ። ንኹሉ ነገራት እናኣመዛዘንኪ ንውሽጦኺ ሕተትዮ። ውሽጦኺ ዝበለኪ ድማ ስምዒ።

## ብሰንኮም ኣነ ተቐርቂረ

ሰለስተና ንዊሕ ዓመታት ሕውነት ክበሃል ዝኽእል ዕርክነት ዝጸንሓና መንእሰያት ኢና። ዕርክነት ጥራሕ ዘይኮነ እውን ኣብ ሽቕጥ ስለ እንሰርሕ ብስራሕ ንራኸብ ኢና። ክልተ ወርሒ ኣቢሉ ይገብር እዩም ክልተ ኣዕሩኽተይ ብገለ ነገር ምስ ተኻረዩ ሕጂ ጭኡም እናኸበደ ከይዱ። ክዕርቆም ፈቲነ ግን ወላ ሓንቲ ኣንፈት ከሎኣመኒ። ኑቲ ሓደ ክምዕዶ ኢለ እንተ ፈተንኩ ከኸፍኡ ናይ ዓርኩ እናተዛረበ ስምዒ ጥራይ ይብለኒ። እቲ ካልኣይ እውን ከምኡ። ኣነ እውን



ንኽልቲኣቶም ክኸስርም ስለ ዘይደሊ፡ ምስ እከለ ወገንካ ንኸይብሉኒ ንኽልቲኣቶም ከሰሲ ትዓይቡ፡ ካብኻትኩም ክልተ ሓብሬታ እየ ደልየ ዘለኹ። ሓደ - ብኸመይ ክዕርቆም ከም ዝኽእል ክትመኽሩኒ፡ ክልተ- እንተ ዘይተዓረቑምከ ብኸመይ እየ ምስ ክልቲኦም ከይተኻረኹ ክኸይድ ዝኽእል?

ስመይ ንዓኹም ካብ ኣስመራ


ንኣዕሩኽትኻ ክትዕርቆም ወይ ድማ ጉድለቶም ከተሰክሞም እንተ ድኣ ድልየት ሃልዩ፡ ፈለማ ትብዓት ክህልወካ ኣለዎ። ንሸኻ ምስኣቶም ስለ ዘለኻ ዘቡኣሎም ጉዳይ ክትፈልጥ ወይ እውን ኣመት ክህልወካ ተኽእሎ ኣሎ። ብቐንዕናን ብትብዓትን ናይ ነብሲ ወከፎም ጉድለት ነጊርካ ከተእምኖም ኣሎካ። ሰብ ጉድለትና ምቕባል ዓቕብ ከም ዝኾኑና ንፈልጥ ኢና። ኣብ መወዳእታ ግን ንሓቂ ክንስዕገራ ስለዘይንኽእል ከይፈተና ክንነስሮማ ንግደድ። ምእንቲ ከይጸልኡኻ ክትብል ሓቂ ኀሲኻን ዘረብ ኣላማለምካን ክትዓርቆም ትፍትን እንተ ሃሊኻ ኣይክትዕወትን ኢኻሞ፡ ዘይምድኻም ይሕሸካ ክንብለካ። ምናልባት እውን ተጻላኢ ንኸይትኸውን ጥራይ ኣብ መንጎ ክልቲኣቶም ትመላለስ እንተ ሃሊኻ ጸባሕ ክልቲኣቶም ኢድን ጓንትን ምስ ኰኑ፡ ንዓኻ ካብ ዓንኬል ናይ ዕርክነቶም ከወጽኡኻ ይኽእሉ እዮም። ስለ ዝኾነ ፈለማ ብበውልቂ ረኺብካ ኣዘራርቦም። እቲ ሓደ ብዛዕባ'ቲ ሓደ ከኸፍኡ ከዕልለካ ከሎ ክትገንሖ ደኣ'ምበር፡ ጽን ኢልካ ክትሰምዖ የብልካን። ዕቱብ ኼንካ ግንሓዮም። ሓቂ ስለ ዝተዛረብካ እንተ ተጻላእካ ንግዜኡ ጥራይ እዩ፡ ምኽንያቱ ሰብ ሓቂ ክሓብእ እንተፈተነ ውሽጡ ክሓብእ ስለ ዘይክእል ድሕሪ ግዜ ናባኻ ክምለሱ እዮም።

## ፋሚሊ ፎቶ ስቱዲዮ

ንስድራ ንዝኽሪ - ንጽምብላ ክብሪ ንሕጸ መርዓ - ንመመረቕታ ንዕለት ልደት እንተላይ ኣብ ኣውደኣመት - ፎቶ ፋሚሊ - ህያብ ኩሉ ግዜ

ኣድራሻ

- ጎደና 119-9 ቁ. 14 ፊት ቤ/ት ጃልያ
- ቁ.ስ. 127775
- ቁ.ሳ.ፖስታ 1337
- ኢሜል family@gmail.com




- DIGITAL CAMERA MEDIA
- DIGITAL RECORDING MEDIA
- PRINTING IN ALL SIZES
- CD & DVD BURNING SERVICES
- ALL SIZE POSTER PRINTS
- FROM :- CD
- DVD
- FLASH
- FILM
- MOBILE
- MEMORY





## PAULOS ENGLISH SCHOOL

ቤት ትምህርትና ሕጂውን ኸኹሉ ደላይ ትምህርቲ፡ ቋንቋ እንግሊዝ ብግቡእ ምዝራብ፡ ምስማዕ፡ ምጽሓፍን ምንባብን ዘኽእል ትምህርቲ በብደረጃኡ ማለት፡-

beginner,
elementary,
pre-intermediate
intermediate
upper intermediate (advanced) levels

ብምኩራት መምህራን ብሓገዝ ኮምፒዩተር፡ ፕሮጀክተር፡ ሃንድኣውት፣ ቪድዮን ኦውድዮን ዝተሰነየ ትምህርቲ ኣዳልዩ ኣሎ።

ኣድራሻና ቦዘ. ማርካቶ(ጎደና ናቕፋ) ፊት ፎቶ ፊሊ፣ ጎኒ ፎቶ ሉቃስ እዩ። ምዝገባ ጀሚርና ኣለና።

ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌ. 112001/ 07138748 ወይ 07137056 ተወከሱ።



# ቀንዴል

## ትምህርቲ መካኒክ

ብክልስ ሓሳባት ብሙኩራት መምህራን ብእንጀነራት ዝተመረቐ ከምኡ ከኣ ኣብ ዓቢ ጋራጅ ናሽቱን ዓበይትን መካይን ብግብሪ ምርኣይ ዘለዎ

2.ኮምፒተር 4.ኣካውንቲንግ
3. ግራፊክስ

ሓደ ሰብ ኣብ ሓንቲ ኮምፒተር

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ክምዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር፡

ኣድራሻና፡- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ. 121571 / 07111121/ 07138173



| ሓዳስ መጽሓፍ | ንተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ | 6ይ-8ይ ክፍሊ | 4 ዓይነት ትምህርቲ<br>ስነ-ቍጽሪ፡ ሳይንስ፡<br>ማ/ትምህርቲ፡ እንግሊዝኛ |
|---|---|---|---|
| ብኽፍልታት (grades)፡ ብዓ/ትምህርቲ (subjects)፡ ብምዕራፋት (units)፡ ብኣርእስትታት (topics) ተኸፋፊላ ዝተዳለወት ኣዝያ ሓጋዚት መጽሓፍ ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሓትልኩም ኣላ። | | | ኣብ ውሽጢ 3 ክፍልታት 6ይ፡ 7ይ፡ 8ይ |
| GENERAL WINNERS in Grade 6, 7 & 8<br>Maths Science<br>S. Studies English | **ትሕዝቶ መጽሓፍ**<br>✓ ዝተፈትሑ ግድላት ድግማ<br>✓ ዝተገልጹ ሕቶታት ድግማ<br>✓ ዝተዓየዩ ሕቶታት ጀነራል 10 ዓመት (2005-2014)<br>✓ መግለጺ ምስ ኣብነታት<br>✓ ስእላዊ መረዳእታታት<br>✓ Model Exams<br>✓ መልሲ ናይ Model Exams | | ሰፊሕን ኣጠቓላልን ትሕዝቶ ምስ ሰሓቢ ኣቀራርባ!<br>**ንሓበሬታ**<br>07142402<br>07461121<br>07116587 |

ኣከፋፋሊ ንዞባታት፡- ሱኒታ ስተሺነሪ ቴለ 124009



# ንብስራት

## ኣሌክስ ኣሳላጥን ድለላን ሓፈሻዊ ኣገልግሎት

- ናይ 2015 ቦሎ ክላውዶ ብሕሳብ 250.00 ናቕፋ
- ናይ ሓዲሽ ታርጋ መቀየሪ 300.00 ናቕፋ
- ናይ ስም ምትሕልላፍ ንሓደ ሰብ 500.00 ናቕፋ
- ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ንመሸጣ ይኹን ንምክራይ ከምኡ'ውን ንስም ምትሕልላፍ ሙሉእ ኣገልግሎት ንህብ ኢና።

መኽሰብና ዕግበት ዓማዊልና

ኣድራሻና ጎኒ ሚ/ጥዕና ጥቓ ቀዳማይ መደበር ፖሊስ እዩ

ንዝያዳ ሓበሬታ ተሌ 08204104 ወይ ሞባ07111036 ተወከሱና

ብደሓን ምጹ!! ኣካያዲ ስራሕ እስክንድር ኣማኑኤል ዝጸዓረ ይዕወት


## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ሰናይት ዮሴፍ ዘሎ ናይ ገዛ ክርክር፡ ኣብ 150 ት/ሜ ዝተደኮነ መንበሪ ገዛ 4 ክፍልታት 1 ክሽነ ዓይኒ ምድሪ ዘለዎ ብኪኢላ ዓቕሚ 378,200.00 ናቕፋ ኣብ ቀዳማይ ጨረታ ዝነበረ ኣብ ካልኣይ ምልክታ 189,100.00 ናቕፋ። ክወዳደር ዝደሊ ¼ ሲ.ፒ.ኦ ወይ ድማ መጠራቓሚ ናይ ባንክ ቡክ ብምትሓዝ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ተወሳኺ ሓበሬታ ጨረታ ብስቱር ደብዳቤ ይቀርብ።
ዕለት ጨረታ ---------------------------- 24/2/2015
ሰዓት ጨረታ ---------------------------- 09፡30 ቅ/ቀ
ቦታ ጨረታ ------------------------------ ከባቢ 06 ዋሊኩ መንበሪ ገዛ

ቤ/ጽ/ፈ/ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

## ምልክታታት

ብስም ኣቶ ወልደሚካኤል ተስፋዮሃንስ ክፍለጼን፡ ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ምም/ም/ዞባ ሰንበል እንዳቦንዳ ኣብ ፐሎት 234 ፓርሳል "B" ናይ ዝርከብ ናይ ዉዕል ኣጠቓቕማ ክራይ መሬት ቅጥዒ 005.1 ሰነድ ስለ ዝጠፈኣኒ ረኺበዮ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07163063 ክሕብረኒ እንተዘይኮይኑ መተካእትኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ወልደሚካኤል ተስፋዮሃንስ
ብወኪል ወ/ሮ ኣክማዝ ዮሃንስ ኣሕፈሮም

ኣነ መሓመድ ሰዒድ መሓመድኑር ዓብደልነቢይ ሕ/ወኪል ናይ 1.ኣቶ ዓብደልቃድር ዓብደልነቢ መሓመድኑርን 2.ስዒድ ዓብደል ነቢ መሓመድ ኑር ዝኾንኩ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 863 ዚፐ1A 135/2 ቁ.ገዛ 11 ዝርከብ ስፍሓት 524 ት/ሜትር ዝኾነ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 100084 መወከሲ ቁጽሪ 100430/100424 ብስም ወላዲኦም እዚ ንብረት እዚ ንብረቶም ምዃኑ ኣብ ቤትፍርዲ ሸሪዓ ብቑ.ፋይል 591/95 ብዕለት 5/06/1995 ናብ ስሙ ከመሓላልፍዎ ብዘረጋገጸሎም መሰረት፡ እዚ ንብረት እዚ ናብ ስሞም ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ወኪል መሓመድሰዒድ መሓመድኑር

# ተኸኡላ ከተማ

መበል 82 ክፋል

**ተኸኡላ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃማመተኤ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዳደሞ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ካልኣይ ብዝበል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**



ብንያም ፍስሃጽዮን

በት እንዳ ወ/ሮ ታቦቱ ፍቕርን ዋዕዋዕታን ምስ ተወሰኻ መሲሳ ዝጸበት ማሰለት። ወ/ሮ ታቦቱ ካብ ወደን ንዝተላእከ ሰብ ብኣካል ምስ ረኸብኦ ሓጎሰን ካብ ቁጽጽረን ወጺኡ. ኩይት ደጋጊመን የኸማስማ ነበራ። ኑቲ ምእንቲ ክብረን ዝተረኸበ ጋሻ ደማ ንወደን ኣመልኪተን ሓደ ድሕሪ ሓደ ብሕቶታት ኣዋጠርኦ፡ "ክንደዚ ዓመት ደኣ ኣበይ ነይሩ ደብዝል ወደይ? ኣደኡ ኣብዘ ጥርሓ ገዛ ጉዲፉኒ ከም ዘይከደ ከምኡ ጊዩሩ ህልምሲ ናይ ጥዕናዶ ትብሎ?" ጥርጣረአን ዘኾይድ ሕቶ ወርዊረን ዝቆርቆራ ኣዒንተን ተኸሉ።

"ኣነ ኣብዚ ቁሩብ ዓመታት'የ ዝፈልጦ" መለሰ ጋሻ ኣሕጽር ኣቢሉ፡ "ናይ ሰዳት ነገር ድማ ብዙሕ ምስጢር'ዩ ዘለዎ። ሰዳት ከምቲ ብርሑቕ ዘሎ ሰብ ዝመስሎ ኣይኮነን። ናይ ሰደት ነገር ምሉእ ግዜ ሂብካ'ውን ክትገልጾ ዘይትኽእል ካብ ጸቡቑ ሕማቑ ዝበዝሕ ጸልግልግ'ዩ። ሰደት. . ." ከይቀጸለ ምረት ናይ ሰደት ከም ዘስኰጮዎ ርእሱ ነቕኒቑ ናብቲ ተቐራብሉ ዝበረ መግቢ ኣድሃበ፡ "ጥዑም መግቢ!"

ፋኑኤል ሽዑ'ውን ካብ ስክፍታ ዝተላዓለ ስለ ዘይመስል ናብ ዝተዛረበ ሰብ ኣቓልቦኡ ካብ ምሃብ ወጺኡ. ኣብቲ ዕላል ተጸንቢሩ ርእይቶኡ ክህብ ኣይተረኣየን። መንደቕ ናይታ ዘይኣመና በት ዝፈርሶ ክመስል፡ ኣዒንቱ ብተደጋጋሚ ላዕሊ ላዕሊ'የን ዘቖብሕብሓ ነይረን።

"ኣብዚ ዓድናስ በል ሰዳት ከም መለወጢ ህይወት'ዩ ዝሕሰብ። እንታይ ኣጋጠምዎ ብዘየገድስ ኑበሲ ወከፍና ዝፈልጦ ዘይብሉ፡ 'ክንደዚ ደቂ እንደየም ደገ ዘለው' ክብል'ዩ ዝሰምዕ።" በሉት ሚኪያ ሓቂን እምነታን ከይሓተበአት።

"ንሰደት ዘይፈለጠ ይፍለጦ ምባል ናይ ብሓቂ መርገም ኩይት'ዩ ዝስመዓኒ ኣነ። ሓቅኺ ኢኺ. ከምዚ ዝበልክዮ ወድ ሰብ ካብቲ ዝረኣዮ ዝያዳ ኑቲ ዘይረኣዮ'ዩ ዝናፍቕ። ጸዓዱ ድማ ኣቖዲሞም ንዓደምን ንዝገርምን ብጸቡቕ ከም ዝፍለጥ'የም ገይሮሞ። ንኣፍሪቃ ድማ ከሉ ሕሕማቑ ኣሰኪሞሞ። ሓደ ጸዕዳ ብዝዕባ ዓዱ ምስ ትሓቶ ብኣድናቖት'ዩ ዝገልጸልካ። ሕማቕ ዕድል ኩይት ግና ዝኾነ ናብ ሰደት ዘምርሐ ኣፍሪቃዊ ይኹን ኤሲያዊ፡ ንዓዱ ብሕማቕ እንተዘይኩይት ብጸቡቕ ዝገልጸ ኣዝዩ ውሑድ'ዩ። ኣነ ንንዑእ ርእሰይ ኣብ እዋን ደርጊ'የ ንሰደት ኣምሪሐ። ኣብቲ እዋን እግረይ ንሰደት ምስ ረገጽት፡ ብፍላይ ኣብ ኣውስትራልያ ምስ ኣተኹ ኣብ ጉት ዝኣተኹ'ዩ መሰለኒ ነይሩ። ግና ኣብቲ ስዩስተም ምስ ኣተኹ ካልእ'ዩ ተቐቢሉኒ። ኣውስትራልያውያን ኑቶም ከም ደቀባት ዝፍለጡ ኣቦርጂንስ ከይተረፈ. ከሉእሱ'የ ርእየዮም። እዞም ኣቦርጂንስ ኣብ ኣውስትራልያ እቶም ደቀባት ተባሂሎም ዝፍለጡ ህዝቢ'የም። እግረይ ኣብታ ዓዲ ምስ ረገጸኩ ድማ ከም ሕቶ ዝመጽኣኒ እንተነይሩ፡ 'ዚኦም ክብሪ ዘይዛኑ ደኣ ንዓና ኣፍሪቃውያን ከመይ ገይሮም ክብሪ ክህቡና'የም?' ዝብል'ዩ። ዝኾነ ኩይት ሕጂ ሐሕማቑ እናምጻእኩ ጦቕ ከብለኩም ኣይደለን'ዩ ኣርእስቲ እንተቐየርና ይሓይሸ።" ንፋኑኤል ጠመቶ። ፋኑኤል ተሃንጢዩ ይጸበዮ ምንባሩ ድማ ኣስተውዓለ። 'ንግርማይ ንደወለሉ' ዝብሎ ዝበረ ኩይት ድማ ተሰምዖ። ስክፍታ ብዘመልኦ ቃና ድማ፡ "ንግርማይ ኣይረሳዕክዎን ክንድውለሉ ኢና፡ ማማ ከራኽበክን'ዩ።" ናብ ወ/ሮ ታቦቱ ጠመተ።

"ሕራይ ዝወደይ! እንደዒ እዚ. ከርሰይ ድማ ፍቕፎቕ ኢሉኒ።" በላ ዓይነን ንበዮት እናቐጸራ። "እዛ ንክበራ ዘለና ትርእያ ኣለኻ። እዚ. ወደይ ድማ ቅድሚ ኣዋርሕ ብማኪና ሓደጋ ሰብ ቀቲሉ ጋር ኑበሲ. ኣብ ምኽፋል ኢና ንርከብ ዘለና። ኣብ ከምዚ እዋን'ዩ ፈጣሪ ረዲኡና ዘሎ። ካልእ ይትረፍ ዝበነ ናይ ወደይ ዕዳ እንተኸፈሉለይ. . . ."

"ኣደ፡ እዚ. ዘረባ ዘይጽንሓልኪ!" ፋኑኤል ጣልቃ ኣትዩ ኩሉፈን። "ሕጂ ጸጸቢቑ ከዕልሎ ጥራይ'ዩ ዝምነ። ኣብዘ ጸቢብ በት ዓዲምናካ ወደይ። ብዘኸኑ ሰብ ዓቕሙ ስለ ዝኑበር ከም ሕማቕ ኣይትርእዮን ትኸውን።" ስክፍታኡ ገለጸ ፋኑኤል።

"ኖ! ኖ!" በለ ጋሻ ብሓያል ናይ ተቓውሞ መንፈስ። "ሰብ ዝህቦካ ክብሪ'ምበር ቤቱን ትሕዝዮኡን ኣይኮነን ወሳ። ፋኑኤል ድማ ከምኡ ክትብል የብልካን። ኣነ ወላ ነዊሕ ካብ ዓደይ እንተተፈለኹ መሰበሮ ናይ ዓድና ዝጠፍኣኒ ኣይኮነን። ንሽኻትኩም ስለ ዝኹንኩም

ኢ. ኹ ም

ዓዲምኩሙኒ። ኣብቲ ዘለናዮ ዓዲ ይዕድሙኻ ደዮም ኣይዕድሙኻን ኣነየ ዝፈልጦ። እዚ. ዕድመ'ዚ. ፍቕሪ ዘለዎ ናይ ደቂ ዓደይ ዕድመ ጥራይ'ዩ። ስለዚ. ፕሊስ ከምኡ ዝበሃል ቃላት ከይትዛረብ። በጃኻ ፋኑኤል ሓወይ!" ደጋጊሙ ተማሕጸኖ። "እንታይ ሓደጋ ደኣ ኣጋጢሙካ?" ተወሳኺ. መብርሂ ደለየ ኣብ ልዕሊ. ፋኑኤል ኣዒንቱ ተኺሉ።

"ደሓን'ዩ ናይ ማኪና ሓደጋ ኣጋጢሙኒ ነይሩ። ግና ግርማይ ሓወይ ደዉ. ደብል እቶን ዝሰደደልና ገንዘብ ንገለ ኣፍ መዕጸዊ ኩይኑና ኣለዋ። ካብ በት ማእሰርቲ ብዋሕሰየ ወጺአ ዘለኹ። ሕጂ'ውን ልዕሊ. 100 ሽሕ ተወሳኺ. ዝኸፈል ናይ ጋር ኑበሲ. ኣሎ።" ንእግረ መንገዱ ንሓው. ክበጽሓሉ ዝደልዮ መልእኽቲ ኣሕለፈ'

"ኣገዩ ዘሐዝዝን'ዩ!" በለ ጋሻ ርእሱ እናነቕነቐ። "ግርማይ ደኣ ንመሰበሮኹም ኣሉ እንደኣሉ ሰዒደዎ ነይሩ። እምበኣር ንጋር ኑበሲ. ኢኹም ጊርኩሞ!" ሽዑ'ውን ኣዒንቱ ብዘእብረ ኣብ ልዕሊ. ኣደን ወድን እናመላለሰ ርእሱ ነቕነቐ።

"እቲ ሓቂ ክዘገረካ ስለ ዘለና'ምበር ንወድና ከተሰክፎ ኢልካ ኣይኮናን። ንሕና ድማ ናብሪ ቀደምና ምንባር ዝጽግመና ኣይኮነን። ስለዚ. ክትሓዝን የብልካን።" በላ ወ/ሮ ታቦቱ እቲ ጋሻ ኣሰኪፍወን።

መግቢ. ተላዒሉ ወ/ሮ ታቦቱ ምስ ወደን ክራኸባ ክቱር ህንጡይነት ሓደረን። ዘረባ ኣሰኪፍወን ግና ንጋሻ ዓይኒ ዓይኑ ካብ ምጥማት ወጺኣ. ቃላት ኣይመለቐ'ንን። "እሞ ዛ ሰበይቲ ምስ ወዳ እናተራኸበና እንታይ ይመስለካ?" ፋኑኤል'ውን ንኣደኡ ስለ ዝተዓዘበ ትም ክብል ኣይከኣለን። ንሱ'ውን ልክዕ ከም ኣደኡ ደሃይ ሓዉ. ክፈልጥ ደምዒ. ሓዉ. ክሰምዕ ዝበረ ህንጡይነት ኣብ ጥርዚ. በጺሑ'ዩ።

"እስከ ክፍትን'ምበር ፊጺሙ ኣብዩኒ'ዩ ቀጽዩ። ቅድሚ ምምጽኣይ'ውን ናብ ገዛ ንኸይድ ኣለና ክብሎ ደጋጊመ ፈቲነ ምስራሕ ኣ ብ ዩ ኒ ። ግርማይ ካብ ስራሕ ስለ ዘየርፍ ቀልጢፍካ ክትረኽቦ ኣሸጋሪ'ዩ።" ድሕሪ ምባል ሞባይሉ ኣወጺኡ ክድውል ፈተኑ። "ሕጂ'ውን ይሰርሕ የለን።" ሞባይሉ ናብ እ ዝ ኒ ፋ ኑ ኤ ል ኣቕረቡ ተጸበዩ።

"እንታይ ትብል ኣላ? ዘይንሰምዖ ቋንቋ ኩይኑ!" ክምስታ ለጊሱ ንኽሉም ጠሙዩም ፋኑኤል።

"ደሓን! ደጋጊምና ክንፍትኖ ኢና። ዝቕበሎ የለን'ያ ትብለኒ ዘሎ።" በለ ጋሻ ንኽሉም እናጠመተ።

***

ኣቶ ዘርእዝጊ ኣብ ቦታ ቆጸራ ኣትዩ ኣዒንቱ ምስ ለኣኽ ነጥሪ ምስ ኣቶ ምናሴ ተቐሚጡ ኣብ ዕላል ተሸሚሙ ረአየ። 'ምስዚ. ሰብኣይከ እንታይ ኣራኺቦ ሕጂ?' ብምባል ብልቡ እናሓሰበ ድማ ክሳብ ዕላሎም ዝወድኡ ንበይኑ ግልል ኢሉ ተቐመጠ። ግና ኣብ መቐመጢኡ ከየጣጠሐ እንክሎ ግና፡ ነጥሪ ብኢዱ ምልክት ክዝብረሉ ረአየ። ኣቶ ምናሴ'ውን ብድድ ኢሉ ክኸይድ ረአየ። "እንታይ እዋንካ ደኣ ካብ መጋኣ ተመሊሰካ?" ኣቶ ዘርእዝጊ ናብ ነጥሪ ድሕሪ ምስዓም፡ ሕቶ ኣቕሪቡ መቐመጢ. ሓዘ።

"ሽዑ እንደየ ግሉብጦ ኢሉ።" ድሕሪ ምባል ንኣቶ ዘርእዝጊ ቀዉ. ኢሉ ተመልከቶ። "ደሓን ትመስል ኣለኻ? ጉዳይ ከመይ ነበረ?" ብቐጥታ ናብ ጉዳዩ ኣተወ።

"እዋእ! ንዳኻ'ምበር ንዓይ ስለ ዘይደለዩ ንሱ ይምጻእ ኢሉም መለሶሙኒ።" በለ ኣቶ ዘርእዝጊ ዝመጸ ግብረ መልሲ. ከም ዝሰከፎ ኣዒንቱ እናንኣበጠ።

"ኣጉዳዱ ዝለኣኸኒ'ዩ ኢልካዮም ትኸውን! እምበር ሰቕ ኢሎም ንዓኡ ኢና ንደሊ. ክብሉኻ ኣይክእሉን'የም።" ኣንጠጠሉ ነጥሪ። "ብቐደሙ ክትከይድ እንክለኻስ መዓስ ብሩህ ገጽ ነይሩካ ኩይኑ!"

"ኣንታ ነጥሪ ከምኡ ኣይኮነን።" ካብ ዝፈርሖ ዘይወጸ ኣቶ ዘርእዝጊ ክምልስ ተቐዳደመ። "ፈለማ ክዛረብ ዕድል ሃበኒ። ብድሕሪኡ ዘሎካ ዘይዕግበት ትገልጽ።" ብድፍረት ክዛረብ ክሕደግ ሓተተ። ነጥሪ ግና ከም ዝዖቖ ንምህርር ኢዱ ጸግ ኣቢሉ ኣ ቓ ል ቦ ኡ ናብ ካልእ ጠምዘዘ። "ንሰኻ መሲለዮ ፈ ለ ማ ስ ም ካ ጠቒሱ ክ ቕ መ ጥ ' ዩ ሓቢሩኒ። ኣነ ድማ ከም ተጋጻ እናፈለጥኩ እቲ ዝበሎ ክሰምዕ ምእንቲ ተጋጊኻ ከይብልክዎ ተቐሚጡ። ብቐጥታ ድማ ሕማቕ ከይስመዓኒ ክጸረ ዝደለዩ ጉዳይ ስለ ዘለዎ ከም ዝጸዋዒ ይቕሬታ ኣቕዲሙ ናብ ጉዳዩ ኣትዩ። እዚ. ዘረድኣካ ድማ ኣብ ልዕሌኻ ክብሪ ከም ዘለዎን እቲ ጉዳይ ቀሊል ምኳኑን'ዩ ዘመልክት።"

"እንታይ ኢሉካ ጥራይ?" ዘንጠለ። "እቲ ጉዳይ ቀሊል ደዩ ካልእ ጉዲፍካ ኣሕጽር ኣብልካ ናብቲ ዝበሎካ ጥራይ እቶ። ቀሊል ምኳኑ ደኣ ንሰኻ መዓስ ኳንካ ትኣግረ።" ዘይዕግበቱ ገለጸ።

"እዋእ! ፋኑኤል ብሓደጋ ማኪና ቁልዓ ኣብ ዝቐተለሉ እዋን ምስኡ ነይርካ ዲኻ?' ዝበል ሕቶ'ዩ ፈለማ ቀሪቡለይ።"

"እንታይ መልሲ. ሂብኮ?"

"እዋእ ነጥሪ!" ኣዒንቱ ኣፍጠጠ፡ "ጸናይ ክምልስ?. . . ክምልሶ ስለ ዘይክእል ነጥሪ ዝለኣኸኒ. ምኳንካ ሓቢረዮ። ንሱ ድማ ስለምንታይ ኣነ ከም ዝተላኣኽኩ ሓቲቱኒ። መኸ ከም ዝኸድኩን ከም ዘይጠዓመካን ድማ ነጊረዮ። እቲ ጉዳይ ድማ ኣብኡ ተዓጽዩ።"

"ሕራይ ይኽእሎ እዚ. ጉዳይ! ዚ. ጉዳይ ዝተማምኖ ዘሎ ሰብ ፈሊጠዮ ኣለኹ። ብዘይካ ፋኑኤል ድማ ካልእ ሰብ የለን።" በለ ነጥሪ ብድድ እናበለ።

***

"ፈጣሪ ግና እናደጋገመ ከቕጥዓና ደዩ ዝደሊ. ዘሎ?" እንጸርጸሮቱ ገለጸ ፋኑኤል። ሚኪያ ዝረዘዙ ኣዒንታ እናንኣበጠት ኣብ ቅድሚኡ ተቐሚጣ ነበረት። "ኣንታይ ትብልዮ እዚ! ጸምና ጸይራና እንተተዓዝብናስ ዘደሊ. ተስፋ ሂቡ መሊሱ ኣብ'ቲ ዝበርናዮ ይመልሰና?"

"ኣንታ ምስ ፈጣሪ ምቁርቛስ ይትረፍካ። ፈጣሪ ድላዩ ክገብር ዝኽእል ምኳኑ ኣይትዘንግዖ። ወዲ ሰብ ድማ ንሽግር ከም ዝፍጠር ኣይትዘንግዖ። ኣብ ክንድኡ ፍቓድካ ይኹን ፈጣሪ ኢልካ ሰቕ ዘይትብል። ንግብሪ ፈጣሪ ዝተቓወሙ ደኣ መመሊሶም እንደኣለም ዝድፍኡ። ዘይከውን ኣይትግበር!" ምኽሪ ለገሰት ሚኪያ።

"ክላእ! ካብዚ. ንላዕሊ. እንታይ ክመጽኣና'ዩ!" ኢዱ እናጸገ ኣንጸርጸረ፡ "ንግርማይ ረሲዕናዮ ዝበርና ስብ'ዩ። ሃንደበት ድማ ደሃይ ጊዩሩ ተባሂልና። ካብቲ ናይ ቅብጸት ጉድጓድ ወጺና ድማ ህላወኑቱ ክረጋግጽ ሃረር ኢልና። ሕጂ ድማ ናይ ኣእምሮ ሕማም ከም ዘለዎ ተነጊሩና። ፈጣሪ ተስፋ እናሃበ ከስቕቐና ደዩ ዝደሊ. ዘሎ?"

"ኣንታ ከምኡ ኣይትበል በጃኻ!" ሚኪያ ስግኣት ኣሕደረት። ኣፍቃሪኣ ምስ ፈጣሪ ምቁያቑ ጸቡቕ ስምዒት ኣይፈጠረላን። "ኣንታይ ደኣ ክድወለሉ ዝሓስብ ዝበረ?"

"እንታይ ደኣ ክኑብር? ኣደይ ምእንቲ ክትኣምኖ ዝበሮ'ዩ። እምበር እቲ ሓቂ ምስ ወጸና ንዓይ ብምሉኡ ሓቢሩኒ'ዩ። ግርማይ መዋእሉ ብመንግስቲ ዝኣለ ሕሙም ናይ ኣእምሮ ምኳኑ ኣይሓብኣለይን። ንሱ'ዩ ድማ ነዊሕ ዓመታት ዘጥፍኦ። ሕጂ'ውን ብዝዕባ ዝሓሰቦ የብሉን። ብቐረባ ንኣደይ ዝፈልጡ ምስ ረኣይዎ ግና ናይ ምትሕግጋዝ ማሕበር መሰራዩም 'ካልእ ይትረፍ ንኣደኣኡ ክንሕግዞ ብምባል ክሕግዙና ተበጊሶም ከም ዘለዉ. ሓቢሩኒ። እዚ'ዩ ታሪኽ ናይ ግርማይ ሓወይ።" ብምባል ደኒኑ ኣስተንተነ'

"እዋይ ጸገም!" ሚኪያ ዝፈሰሰ ንብዒታ ክትጸርግ ርእሳ ደፍኣት። ኣብ ልዕሊ. ወ/ሮ ታቦቱ ክንድኡ ዝዓይነቱ ኣደራዕ ክወርድ ምስጢሩ ክገልጸላ ኣይከኣለን። 'እዛን ሰበይቲ እንታይ በዲለንኦ'የን ንፈጣሪ?' ኑቦ ሓተተት። ግና ዝረኸበቶ መልሲ. ኣይነበረን። "በል ሓደራኻ ማማ ከይትፈልጥ!"

"ንሕቶኣ እንታይ ኢለ ከም ዝምልስ ግና እፈልጥ የለኹን። ንባ ባሀራ ከም ትፈልጥዮ ኣይኮነን ናታ ጉዳይ ዘይናታ'ውን ተሓልፍ ሰበይቲ ኣይኮነትን። ንሱ'ዩ ድማ ብኸመይ ከም ዝኖግሮ ኣጨኒቑኒ ዘሎ። ምስ ወደይ ኣራኺብኒ እናበለት ጦቕ ከተብለኒ'ያ።"

"ገለ ታሪኽ ክንምህዘ ክኽእል ኣለና'ምበር ድሕሪ ወድኽን ደሃይ ጌሩ ደኣ ክሓታ'የን እምበር። ዘሎምን ታሪኽ ይመሃዘ ፋኑ፡ እምበር ቅኑዕት ክህቦ ኣይኮነን። . . . እዋይ! እንተሰሚዖንኦ እንታይከ ክብላ ወደይ?"

"ዝዘለዶ ኣሎ ኩይኑ! ከም ሰብካ ዘወረደካ ምኽኣል'ዩ እምበር።"

"ፋኑኤል ፈጺምካ ከይትዛረበን!" ኣጠንቀቐቶ። "እዚ. ጉዳይ'ዚ. እንተተገብረ'የን ኣብ ሕማቕ ከወድቃ'የን። ምኽንያቱ ደሃይ ግርማይ ምስ ሰምዓ ኣነ ተዓዘበየን'የ ብሓጎስ ወናኣን ከጥፍኣ ዝተረፈን ኣይነበረን። ሕጂ ካልእ ኩይኑ ክስምዓ. . . ." ግንባሩ ስለ ዝበኣ ዘረባኣ ጉዚኣ ኣዕሚቓ ኣስተንፈሰት።

"ኣይነግራን'ዩ፡ እቲ ጋሻ'ውን ከይነግራ ደጋጊሙ ተማሕጺኑኒ'ዩ። እንታይ ክንገብራ ዕድል ኣይገበረትን። ረሲዓቶ ዝበረት ጉዳይ ተስፋ ፈጢሩ ዳግማይ ተስፋኣ ስለ ዝመንጠለ'ዩ እምበር ከም ዝበሮ ቀጺሉ እንተዝኸውን ደኣ ንቕብጸት ተቐቢላቶ እንድያ ነይራ።"

ይቕጽል








# ሚድያን ተዓዘብቱን

## ጽልዋ ሚድያ

ገብረትንሳኤ ዳምር

መራኸቢ ብዙሃን ንመዓልታዊ ሂወትና ወረረን ካብ ዝሕዝኦ ውሑድ ግዜ ኣይኮነን። ተኸታተልቲ ፊልምታት፣ ናይ መዚቃ ቻንላትን ናይ ካርቱን መስመራትን ኣብ ሞንጎ ምዉቕ ስድራቤታዊ ጉጅምታ ካብ ዝኣትዋ ክንደይ ከምዝኾነ እውን መብዛሕትና ኣይንዝክሮን ኢና። ሎሚ ሎሚ እሞ ኸኣ እታ ክብርቲ ናይ ቡን ወግዒ እውን ፊልምታት እናቋረጸ ምስታይ ተጀሚሩ ኣሎ። ድሕሪ ቑሩብ ድቕና ሪሞት ሒዞም ናብ መስኮት ተለቪዥን እናጠመቱ ዝተኻሕኰሐ ማዕጾን ካንሸሎን ክኸፍቱ ምስ ጀመሩ፡ ኩሎም ኣዝማዶም ብገጾም ክይረኣይዎም ክይጉብዙ ይኽእሉ።

እንተ ንሕጂ ግን እቲ መራኸቢ ብዙሃን፣ ብፍላይ ድማ ናይ ፊልምታትን ደርፍታትን መስመራት፡ ብዘይኣፍልጦና ግን ብፍቓድና ዝቐርባልና ዘለዋ ምስሊ ሂወት እስከ ንዝተ። መራኸቢ ብዙሃን እቶም ዘይንፈልጦም ዓማዊልና፡ እቲ ዝደልይዎ ሓበሬታ ብቐሊል ናባና ንምብጻሕ ዝጥቀሙለን ዕዉታት መጽዓኛ እየን። እቲ ቀደም ዘበን ሓበሬታ ብቐሊል እኳ እንተዘይኮነ፣ ብናጻ እንረኽቦ ዝነበርና ኣገዳሲ ጥረ-ነገር ኣብ ሂወትና እዩ ዝነበረ። ሎሚ ግን በንጻሩ ብቐሊል እናተረኸበ ዋጋኡ ከቢሩ ኣገልግሎቱ ከኣ ኣይግድን።

እዋኑ ሓበሬታ ጥረ-ነገር ምዃን ሓሊፉ፡ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዕማማትን ንጥፈታትን ምንግስታት። ትካላትን ውልቀሰባትን ኮይኑ ዝርከበሉ ኢና በጺሕና ዘለና። ምፍራይ፡ ምምስራሕን ምዝርጋሕን ሓበሬታ፣ ሓደ ካቡቶም ኣድለይትን ተነቀፍትን ፖለቲካውያን ስራሓት፣ ዘይተኣደነ መኽሰብ ዝኽዕቡተሉ ቁጠባዊ ንጥፈታትን ኮይኑ'ሎ። ብባህሪ ሓበሬታ ውጽኢት መዓልታዊ ንጥፈታትን ርክባትን ደቂ ሰብ'ዩ ክኸውን ነይርዎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ብስጳ ዝርከብ ኣቕሓ ምዃን ተሪፉ፡ ናብ ናቱ ነጋዶን ዕዳጋን ዘለዎ ጽላት ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈት ተሰጋጊሮ ኣሎ።

ሓደ ካብኡ ስነጥበባዊ ፍርያት እዩ። ስነ-ጥበብ ነጸብራቕ ብህልን ልምድን ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኮይኑ ኣብ ነንሕድሕዱ እንዳተመላልአን እንዳተለቓቐሐን ዝዓብን ዝነብርን ንጥፈ ክኸውን እኳ ዝግብኦ እንተኾነ፣ ብመራኸቢ ብዙሃን ሳተላይት ዝፍኖ ስነ ጥበባዊ ፍራይት ግን ካብዚ ርድኢት እዚ ፍልይ ዝበለ እዩ። መጀመርያ እቶም ዝፍንውዎ ንናይመን ሕብረተሰብ ባህሊ ይውክሉ ዘፈልጦም የለን። ካልኣይ ክህቡ እምበር ክወስዱ ቅሩባት ኣይኮኑን። ሳልሳይ ኣቲ ዝሁብዎ እቲ ንሶም ዝደልይዎ እምበር ነቲ ተቐባሊ ዘድልዮ ኣይኮነን። እንተኾነ እቲ ተቐባሊ ካልእ ኣማራጺ ስለዘይብሉ፡ ነቲ ዝቐረበሉ ከይፈተወ የህልኾ። ከምስዓቤኑ ጊጋ መረዳእታት፣ ውክልናታትን መልእኽታትን ብዘይ ተቓውሞ ክንሕሸሾም ንውዕል።

ውክልና ገጸ ባህርያትን ጠባያትን (ንኣብነት ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ጾታትን መናባብሮታትን) ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ብፍላይ፡ ካብቲ ቀጻሊ መካትዒ ኣርእስታት ስነ-ጽሑፋዊ ዓንኬላት'ዩ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ጸሓፍትን ደረስትን ብፍላይ ድማ ጋዜጠኛታትን እተን ዘስርሕኦም ትካላት መራኸቢ ብዙሃንን፣ ነቲ ክሃርምዎ ዝደልዩ ሸቶ ጥራይ ስለዝጥምቱ ብዙዕባ ጎናዊ ኣሉታዊ ስዓቤን ጽሑፋቶም። ኣሳእሎምን ቃላቶምን ምጥንቃቕ ይዝንግዑ። ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚታት ድማ ብመደብ ንገለ ጠባያት ከምቲ ዝደልይዎ ገጸ ባህሪ ንምልባስ ተዓጢቖም ይሰርሑ፣ ብፍላይ ምስ መወዓውዕን ፍርያት ኣብ ዕዳጋ ተቐባልነት ንምርካብን ዝተኣሳሰሩ ስራሓት። ንሃሲያ እቲ ዝዝርግሕዎ ሓበሬታ፡ ስእሊ፡ ወይ ገጸ-ባህሪ ኣብ ውልቀሰባት ይኹን ክፋላት ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ከየእተዉ እዮም ዝሰርሑ፣

ሓደ ካብ'ቲ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ግዳይ ዝኸውን ገጸ-ባህሪን ተራን ናይ ደቂ ኣንስትዮ እዩ። እቶም ዝበዝሐ ተዓዛብን ሃልክን ዘለዎም ፊልምታትን ብተንቃሳቓሲ ስእሊ ዝተሰነዩ ድርፍታትን ከም ኣብነት እንተወሰድና፡ ዳርጋ ኣብ መብዛሕትኦምን ኣብ ዝበዝሐ ክፋሎምን ንደቂ ኣንስትዮ ዝሁብዎ ውክልና፡ ካቡቲ ዘይሰልጠኑ ባህልታትን ዓቃባውያን ደቂ ተባዕትዮን ብዛዕባ ዝምድናታት ጆንደር ዘለዎም መረዳእታ ዝፍለ ኣይኮነን። እቲ ዘጉሂ ድማ ዓንብ ዝብሉ ውሑድ ሙኻኑ'ዩ።

እዚ ዝበዝሐ ግዜ ንደጋዊ ጽባቐ ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ ሂወተንን ደቂ ኣዳም ሙኻነንን ክብረን ዋጋን ዝሁብ ኣመለኻኽታ እዚ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ብጸቢብ ጾታዊ ዓይኒ ብምርኣይ፡ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ካልእ ንጥፈታት ህይወት ክህልወን ዝኽእል ኣበርክቶ ዘሀስስ እዩ። እቲ ዝበኣሰ ግን ንደቂ ኣንስትዮ ንባዕለን፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ኣእምሮኣዊ ጸጋታተን ዘድህባ ኣብ ደጋዊ ጽባቐአን ግዜኤንን ኣቓልቦኣንን ክጥፋኣ ዘተባብዕ ምዃኑ እዩ። እዚ "መልክዕ እንተልዩ ኩሉ ይካኣል እዩ" ብዘስምዕ ቃንቃን ኣበሃህላን ተሰንዩ ዝዝርጋሕ ናይ ፊልምታትን ክሊፓትን ስራሕ እዚ ኣብዚ ኣዋን ዳርጋ ከምቅቡል እንዳኾነ ይመጽእ ምህላዉ ኣዝዩ ዘሰክፍ እዩ።

ከምስዓቤኑ ብዙሓት መንእሰያት (ደቂ ኣንስትዮን ተባዕትዮን) ኣብ ክሊፓትን ፊልምታትን ዝርኣይዎም ገጸ-ባርያት ክላበሱን ኣብ ሓቀኛ ሂወት ከናድይዎምን ደርኣዩ እዮም። ብዙሕ ግዜ እቶም ኣብ መስኮት ተለቪዥን እንፈልጦም ህቡባት ሰባት፡ ፈጠራ ናይቶም ኣብ ትምህርትን ምርምርን ሓያል ግዜን ጻዕትን ብምጥፋእ ኣብ ትምህርትን ሞያን ጸብለል ዝበሉ ከኢላታት ሙኻኖም ንዘንግዕ ኢና። ስለዝኾነ እዩ ከኣ እቶም ገጸባህርያት ኣብ ጥቓና ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብቲ ንሶም ዝተሰርሕሉ ቦታ እውን ናይ ብሓቂ ከምኦም ሰባትን ከም ናቶም ሂወትን ብቐሊል ክንረኽብ ዘይንኽእል።

ዘይቅኑዕ ውክልና ባህርን ተራን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ካብ ቅንዕና ዝተበገሰ ጌጋ ድዩ ወይስ ዝተወጠነ? ዝብል ሕቶ ኣብ ብዙሕ ዝርዝርን ጓል መገድን ክወስደና ይኽእል እዩ። ኣዕናዊ ጽልዋ እቲ ተግባር ኣብ ግምት ኣእቲና ግን ሽለል ክንብሎ ኣይንኽእልን ኢና። ዓብይቲ ፊልምታትን ክሊፓትን ክደርሱን ክዋስኡን ዝኽእሉ ሰባት ኣብ ጉዳይ ጾታ ንቑሓት ስለዘይኮኑ እዩም ንጹህ ጌጋ ዝጉብሩ ዘለዉ ኢልና ከነመኽኒ ኣይንኽእልን ኢና። ንስለ ረብሓን መኽሰብ ምግባትን ኢሎም ብመደብ ዝሰርሕሉ መትከል ምዃኑ ብዘይውልውል ክንቅበሎ ዘሎና ሓቂ እዩ፣

እዚ ተግባር ኣዚ ብዝኾነ ሕጊ ኣተን ግዳያት ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ወይ ተጣበቕቲ መሰላት ከምዘይርኹብሎም ኣዳዕዲያም ስለዝፈልጡ እኪይ ሙኻኑ እንዳፈለጡ ምናልባት እውን ኣንጸር ሕልንኦም እንዳተቓለሱ ይጉብርዎ ኣለዉ። እንተኾነ ክንዘንግዖ ዘይብልና ሓቂ እውን ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ድፍኢት ካብተን ግዳይ ዝኾና ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ባዕለን እዩ ዝመጾም። እቲ ምንታይ ኑቲ ብመራኸቢ ብዙሃንን ብመንገዲ መወዓውዕን ፊልምታትን ዝዝርጋሕ መልእኽቲ ብዘይ ዝኾነ ነቓፈታዊ ሕቶ ስለዝቕበልኦን ዘተግብርኦን፣ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዘይኮና ዳርጋ ኩሉ ሰብ ኑቲ ብመሳኹቲ ተለቪዥን ዝበጽሓና ነገራት ከምወህብ ስለንወስዶ ብልኡምነት ንቕብሎ ምዃናን ዝያዳ ትብዓትን ፍናንን ይሀቦም ይህሉ'ዩ።



እቲ ዝበኣሰ ኣሉታዊ ጽልዋ ናይዚ ባህሊ ዝኸውን ዘሎ ተግባር'ዚ፡ ኣብ ቐልዐትን መንእሰያትን ዘሕድሮ ጌጋ ኣመለኻኽታ ብዛዕባ እቶም ግዳይ ዝኾኑ ኣካላት እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ፡ መንእሰያት ብስንኪ ፊልምታትን ክሊፓትን ንደቂ ኣንስትዮ ከም ድኹማት፣ ኪኖ ናይ ገዛ ኣገልግሎትን ምእዙዝነት ንወዲ ተባዕታይን ካልእ ክጉብራ ዘይክእላ ፍጥረት ከምዝርእይወን ብዙሓት መጽናዕታት ስነኣእምሮን ሕብረተሰብን መሰኪሮሞ እዮም። እዚ ኣሉታዊ መረዳእታ እዚ ምስ ዓበዩን ኣብ ሓዳር ምስ በጽሑን ከንጸባርቐዎ ናይ ግድን እዩ። ብዙሓት ካልኣት መጽናዕታት እውን ንዘቤታዊ ጎንጽ ምስ ኣተዓዕብያ የተኣሳስርዎ እዮም።

እተን ቀንዲ ግዳያት ዝኾና ግን እተን ኑቲ ስውር መልእኽታት ከይኣላለያ ኑቲ ገጸ በህሪ ክውክላን ክኩብራን ዝጽዕራ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ኑቲ ብመጠኑ ዝወርደን ቁጠባውን ጥዕናውን ጸገማት ንኺ ገዲፍና ኣብቲ ስነኣእምሮኣዊ ሸኸኸት ጥራይ ኣንተርኢና፡ እቲ ብድሆ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ክኸውን ከምዝኽእል ብቐሊል ክንግምት ኢና። ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ንኣካላዊ ጽባቐአንን ኣቃውምአንን ክዕቅባ፡ ከማሓይሻን ክርእያን ክጽዕራ ብዘጥፍእኦ ግዜን ኣቓልቦን፡ ንትምህርቲ፡ ሞያን ዝሁብኦ ተገዳስነትን ግዜን ስለዝውሕድ እቲ ማዕረ ኣሕዋተን ደቂ ተባዕትዮ ክጉብርኦ ዝኽእላን ዘለወንን ኣበርክቶ ይጎድል።

እዚ ማለት ደቂ ኣንስትዮ ንጽባቐአንን ኣንስታዊ መልክዐንን ግምት ክሁብኦ የብለንን ንምባል ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ኑቲ ከም ሰብነት ንሕብረተሰበን ከበርክትኦ ዝኽእላ ሞያውን ኣእምሮኣውን ጸጋታተን ግን ክዘንግዕኦ የብለንን። ብመልክዕ ንኹሉ ከርክብሉ እዩ ዝብላ ውሑዳት ደቂ ኣንስትዮ ኣይሰኣናን እየን፡ ምናልባት መልክዕ እንተልዩ ብዙሕ ነገራት ይክኣል ይኸውን። ክዘንጋዕ ዘይብሉ ሓቂ ግን ኣሎ - ዕላማኻ ምስሓት እውን ሓደ ካብኡ ክኸውን ከምዝኽእል!

## ሕብረተሰብ

# ሓይሊ ፍቕሪ

ኣብርሃም የሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ፍቕሪ ክንብል ከለና፡ ኣብ ኣእምሮና ዝቕጀል ሓደ ምስሊ ኣሎ። ኢድ ንኢድ ዝተሓሓዙ መንእሰያት። እወ ዕድመ ንእስነት ቤት-ትምህርቲ ፍቕርን ላባራቶሪ ህይወትን እዩ። ዝን ኢልካ ዝኽሪ ሕሉፍካ ክትፍትሽ ማሕፉዳታትካ ብህጡር ስእልታት ንእስነት ክዝቐብብ የዒንትኻ ብንብዓት ቁጽርጽር ዘዩብል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንእስነት፣ ፍቕሪ እንዳኣሉ ትርጉሙ። ሕሉፍ ጭርጭር ዓብደ ቁልዕነት ሰጊርካ ናብ ኩትትና ርግጽ ኩቱብል ፍቕሪ ትቕብል ኣቢሉ ኣብ መሸጎርጉር ኣንጎሎታት ሒዙካ ሸርብ ይብል። ኣብ መቕሎ ፍቕሪ ምስ ተሰኺተትካ ሞት ጥራይ ዚፈልየካ ኮይኑ ዚስማዓካ። ከምዚ ምስ ረኸበ ኸኣ'ዩ ማርክ ኣንቶንዮ "ትንፋሰይ ውሰድያ" ዝበላ ንኪሎፓትራ።

ሓይሊ ፍቕሪ ዋላ'ዉን ኣብዚ ዓለም ብቴክኖሎጂ ተወንጨፉትሉ ዘላ ዚኾነ መዐቐኒ ኣይተረኸቦን። ኣብ ገዛውትና ሰኖሊስት (ናይ መስመር ዳኛ) እናበልና ንጽውዖ መንእሰይ ኣሎ። ንሱ ንግሆ ከምዛ ጽሓይ ኣብ ኣፍደገ ገዝኣ ሰቐላ ዚተባህለ፡ ኣብ ኣፍደገ ናይታ ኣፍቂርዋ ዘሎ'ዩ ዝግተር። ንቡር ንጥፈታት ዚጀመረት መዓልቲ መሰረት ናብራኣን ናብራናን ክትከዉን ምንቕስቃስ ትጅምር። እታ ጓል ካብ ቤታ ክትቅልቐል ከላ ወዮ ሰኖሊስት ኸኣ ግዐዙኡ ይጅምር። ካብ ገዛ ናብ ቤት-ምህርቲ፡ ናብ ድኳን ካልእን ጎኒ-ጎና ይንቐሳቀስ። እቲ ዝገርም ክኣ ልክዕ ከምቲ ናይ መስመር ዳኛ ንኩዕሶ ዘይቀርባ ንሱ ኸኣ ነታ ጓል ብዓይኑ ጥራይ የሳልያ። ኣየ ሓይሊ ፍቕሪ! ዓለም ኣብ ታሪኽ ብጭካኒኦም ክብራ ዝግሃሱ ክንደይ ደቂ ኣዳም ዘይርኣየት እንተኾነ ጭካኔኦም ብሓይሊ ፍቕሪ ክርታዕ ርእያ'ያ። ታሪኽ ዝትፈላለዩ ጨካናት መራሕቲ ተራኣና'ውን ኣኻሊ'ዩ። ፍቕሪ ግን እንታይ ዓቕሚ ስለ ዘለዎ'ዩ ዘሰንፈና? ዓቕሚ ፍቕሪ ክንፍትሽ ቀዳምነት ትርጉም ሂወት ክንምልሽ ኣለና። ምኽንያቱ ህይወትና ውጺኢት ሱጡም ፍቕሪ ስለዝኾነት።

ፍቕሪ ክልተ ኣራእስ ናብ ሓደ ኣተሓሳስባ ዘምጽእ ሓይሊ ኣለዎ። ደቂሰብ ካብ ዚተፈላለየ ድሕሪ ባይታ ዚጭበጥን ዘይጭበጥን ጸጋታት ዚዉኑ ዚተፈላለየ ደረጃ መነባብሮ ዘሎዎም ብሓደ ኣምጺኡ ኣብ ሓደ ማኣዲ ንኽዓስሉ ዚገብር ሓይሊ ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ሓደና ሕጡብ ሓደና ስሚንቶ ብምምጻእ ዝቐውም ቤትዩ።

ሰባት ድማ ብተፈጥሮና ብሓባር ናይ ምዃን ባህጊ ኣለና ። ንባህግና ኣርዊና ባህታ ንኽረኽብ ዘኽእለና ውሁብ ጸጋ ድማ ፍቕሪ'ዩ። ንሓደ ዓርከይ ሓንቲ ብፍቕሩ ዝተሳቐየት ጓል ዝጸሓፈቱሉ ጹሑፍ ቴሌፎን (መሴጅ)ምስ ኣንቢበኩ ተገሪመ። እቲ ጹሑፍ "ምእንቲ ክናፍቐካ መሰጅ እባ ጻሓፈለይ" እዩ ዝብል። ካብዚ ኸኣ እቲ ንኽንራኸብ ዝገበረና ፍቕሪ ናፍቕት ከም ዘድሊ ገለ ኣፈናዊ ግምት ክትሕዝ ኪኢሉ።

ሓደ እዋን'ውን ምስ ኣዕርኹተይ ሻሂ እናሰተና ናይ ኣእምሮ ጸገም ኣለዎ ክትብሎ ዘይትደፍር፡ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘሎዎ መንእሰይ "ፍቕሪ ኣልፋቤት ዘይብሉ ገዚፍ ርእሲ'ዩ ዘፈጥረልካ" ክብል ሓይሊ ፍቕሪ ማዕረ ክንደይ ምዃኑ ኣነጺሩለይ። ኣቦታት'ውን "ሰብኣይ ሰራቒት ዑዉር ፡ ሰብኣይ ሓሳዊት ጸማም'' ዝብሉ ፍቕሪ ዘይንስኻ ዚገብር ናይ ወዲ ሰብ ጸጋ እዩ ክብሉ ስለዝደለዩ እዮም ዚኾኑ።

"ምፍቓር ብናትና ሓጎስ ካልኦት'ዉን ከም ዝሕጎሱ ምግባር እዩ" ኢሉ ኔሩ ጎትፋሬድ ዊልሃም ዝተባህለ ምሁር። ከም ኣበሃህልኡ ትርጉም ሂወት ሓጎስ ምርካብ ካብ ኮነ ብናትና ሓጎስ መጻምድትናን ቐረብትናን ሓጎስ ምፍጣር ማለት እዩ። ደቂ ሰብ ክኣ እቲ ዚላዓለ ጻዓትና ነጥፋኣሉ ንጥፈት ሓጎስ ንምርካብ እዩ። በዚ ኸይኮነ ኣይተርፍን ክኣ ሓይሊ ፍቕሪ ዝዓዝዘን ዚብርኽን።

ሸባባት'ውን ወትሩ ብፍቕሪ ይቕንዘዉን ይስሕቑን። በዚ መሰረት ክኣ ሓጎስና ወትሩ ክዛይድ ጥዕኑኡ ዚሓለወ ፍቕሪ ክንምስርት ንግደድ። ኣብ ፍቕሪ ውልቃዊ ሓሳብ ዝባሃል የለን፡ ኩሉ ናይ ሓባር እዩ። ሙለር ዝተባህለ ሊቕ "ዕድላት ብተግባር ድኣምበር ብምዕዝምዛም ኣይፍጠሩን እዩም" ይብል። እዚ ኣባሃህላ ምስ ዕላል ዛዕባና ከነተኣሳስሮ ። ፍቕሪ ናይ ሓባር እንተኾይኑ፡ ናይ ሓባር ኣተሓሳስባ ፣ናይ ሓባር ባህጊ ክንዉንን ብሓባር ኮይና ዕድላትና ከነበርኽ ኣለና። በዚ ኸኣ ኪኖ ኣብ ሓሳባዊ ኣብ'ዛ ግብራዊት ዓለም ብምንባር ንሓይሊ ፍቕሪ ክንጻወር ንኽእል። ኣብ ገዛዉትና እትግለጽ ኣባሃህላ ኣላ "ክልተ ጥቓጥቓ ዝኾኑ ዋላ ኣይፋለጡ ብሩሑቕ ንዘሎ ኣባዮም የባህርሩ" ይብሉ። ካብዚ ተበጊስና'ውን ብቑልዕነትና ካብ ክሃርሙና ዝደለዩ ሰባት፡ ምስ ዝኾነ ሰብ ጽግዕ ብምባል ነብስና ነድሕን ዝነበርና።

ፍቕሪ ወትሩ እሩሩ ዚደሊ ሕንቑቕ ቖልዓ እዩ። በቲ ንሕና ነርእዮ ምንክብኻብ ክኣ ሓይሉ ይብርኽ። ኣብ ፍቕሪ ኪኖ ምቅርራብ ትርግታ ልብታትና ዝፈጥሮ ቅኒት ክንራዳዳእ ኣለና። ምኽንያቱ ፍቕሪ ንጽል ሓሳብ ዘይብሉ ክልተ ኣእምሮ ስለዝኾነ እቲ ሓቂ።




ኤርምያስ ሰሎሞን

ሕቶ ሕርሻ

# ጽላል ንተኽሊ ቡን እንታይ'ዩ ዝጠቕሞ?

<u>ቡን ስለምንታይ'ዩ ኩሉ ግዜ ጽላል ዝደሊ?</u>

ቡን ጽላል ዝደልየሉ ምኽንያት ወይ ድማ ጥቕምታት ጽላል ኣብ ተኽሊ ቡን እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

* ናይ እቶት ዕድመ ነዊሕ ይኸውን።
* ልዕሊ ዓቕሚ ኣፍርያ ካብ ምማት ትድሕን።
* ዓመታዊ እቶት ትህብ።
* ጽላል ናይ ከባቢኣ ክሊማ ይቈጻጸር፣ ማለት ንዋዒ የዝሕል፡ ንዛሕሊ ድማ የውዒ።
* ናይ በረድ፡ ንፋስ፡ ሕማም፡ ሓሳኺ ጉድኣት የጉድል።
* ብሃፋ ዝጠፍእ ማይ የጉድል።
* ካብቲ ናይ ጽላል ዝወደቐ ኣቑጽልቲ ከም መሽፈኒ ሓመድን ድኹዒን የገልግል። ሓመድ ጽቡቕ ቅርጺ ይሕዝ። ምኽንያቱ፡ እቶም ኦርጋኒክ/ ሂወታውያን ነገር ብጸሓይ ኣይሰባበሩን እዮም።
* በቲ ናይ ሰራውር ዝፍርፍሮ ናይ ኣየርን ማይን ብቐሊሉ መተሓላለፊ ይፈጥር።

ንጽላል ዝትከሉ ወይ እንጥቀመሎም ኣግራብ ከማልእዎ ዘሎዎም ረቛሒታት እዚ ዝስዕብ እዩ።

* ምስ ተኽሊ ቡን መግቢ ይኹን ማይ ዝጫረት ክኸውን የብሉን።
* ጽቡቕ ናይ ሰራውር መስርዕ ክህልዎ ይግባእ።
* ብቐሊሉ ክትሓኾሮ እትኽእልን ዘይስበርን ክኸውን ኣለዎ።
* ካብ ተኽሊ ቡን ዝነውሐ ዕድመ ክህልዎ ይግባእ።
* ካብ ሓሳኹን ሕማምን ናጻ ዝኾነ ይምረጽ።
* ኣብ ግዜ ነቕጺ ኣቑጽልቶም ዘርግፉ ይኾኑ።
* ዓይነት ጥረታት ናይትሮጂን ስለ ዝውስኹ ዝያዳ ካብ ካልኦት ይምረጹ።

እቲ ዝተመርጸ ቦታ ምስ ተተኽለ ንኽልተ ዓመታት ዝኣክል ክሽፈን ይግባእ።

* ጽቡቕ ናይ ማይ ምዝራቑ ዓቕሚ ከም ዝህሉ ይገብር።
* ናይ ሓመድ ረስኒ የዝሕሎ።
* ምስ መሽመሽ ማዕድን ይውስኽን ቅርጺ ሓመድ የመሓይሽን።
* ጸሀያይ ካብ ምምዕባል ይከላኸል።

ብሓፈሻ ንመሽፈኒ ዝምረጹ ሳዕሪ ማእዮን ቆጽሊ ባናናን እዮም።

ሞያዊ ምኽሪ ካብ
ኣቶ ኤርምያስ ኣስመላሽ
(ላዕለዋይ ክኢላ ልምዓት ኣትክልቲ)

---

ሕቶ ሕርሻ

# እንቋቑሖ ዝወልዳ ደርሁ ብኸመይ ነለልየን?

ደርሁ ኣብ ዕድመ ምውላድ ምስ በጽሓ፡ ዝወልዳን ዘይወልዳን (እንቋቑሖ ዝህባን ዘይህባን) በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ይምረጻ፡-



**ዝወልዳ ደርሁ፡-**

- ዓቢ፡ ብሩህ፡ ቀይሕ፡ ልስሉስ ስምዓዊ ወይ ስምዒ-መሰል ኵትኹቶን ሕንጥልጥልን ኣሎወን
- ዓይነን ብሩህን ግሉሕን እዩ
- መትኮብ/ቢ ጽዕድው ዝበለ እዩ
- ሽፋን ጎልበሽ ዓይነን ጽዕድው ዝበለ እዩ
- ዓጽሚ ጎሎ ሰፊሕ እዩ። (2-4 ኣጻብዕቲ የእቱ)
- ቆፎ ከስዐ ምሉእ፡ ልስሉስን ብቐሊሉ ዝተዓጻፍን እዩ
- መተንፈሲ ወይ መሃንቱስ (vent) ጥልቀ'ይ፡ ገፊሕን ጽዕድው ዝበለን እዩ

**ዘይወልዳ ደርሁ፡**

- ንእሽቶ ጽምልው ዝበለ ጨምዳድ ላንቃ-ላንቃ ወይ ኵትኹቶ ኣሎወን
- መትኰብ/ቢ ብጫ ሕብሪ ይህልዎ
- ዓይኒ ደባንን ጥሑልን እዩ
- ሽፋን ጉልባሽ ዓይነን ብጫ እዩ
- ዓጽሚ ጎሎ ደረቕ፡ ንሓድሕዱ ዝተላገበ 2 ኣጻብዕቲ ዘየእትው እዩ
- ቆፎ ከስዐ ምሉእን ደረቕን እዩ
- መተንፈሲ ድማ ድሩቕ፡ ብጫ ሕብሪ ዘሎዎን ጨምዳድን እዩ

ምንጪ፡- መጽሓፍ ምሕደራን ክንክን ጥዕናን ደርሁ

---

መግቢ

# መለንዛኒ ምስ ዝተፈላለዩ መግብታት

## ስጋ ምስ መለንዛኒ

ዓቖን
- ½ ኪሎ መለንዛኒ
- ½ ኪሎ ስጋ
- 1 ሽጉርቲ ቐይሕ ብደቂቕ ዝተመትረ
- 2 ማንካ ጣውላ ፐርሰሜሎ
- 1 ማንካ ሻሂ በርበረ ጸሊም
- 2 ኮመደረ ብደቂቕ ዝተመትረ
- 2 ማንካ ጣውላ ጠስሚ
- ½ ኩባያ ዘይቲ
- 2 ማንካ ጣውላ ጉዕበርበረ ብደቂቕ ዝተመትረ
- 1 ዳዶ፡ ቁሩብ ጨው

ኣገባብ፡-
ነቲ መለንዛኒ ንቑመት መቲርና ኣብ ማይን ጨውን ንኣልኮ። ቀጺልና ነቲ ስጋ ማእከላይ ጌርና ብቑመት መቲርና ንቕርቦ። ድሕር'ዚ ሽጉርቲ ብዘይቲ ቀሊና ስጋ ኣእቲና ማዩ ክሳብ ዝውዳ ንቀልዎ። ኮመደረ፡ ጨው፡ በርበረ ጸሊም፡ ጠስሚ፡ ጉዕበርበረ፡ ፐርሰሜሎን ዳዶን ኣእቲና ከዲንና ነብስሎ። ኣብ መወዳእታ ነቲ መለንዛኒ ካብ ማዩ ኣንቂጽና ኣብ ርሱን ዘይቲ ጠቢስና ጸኒሕና ምስቲ ዝበስል ዘሎ ስጋ ሓዋዊስና ኣዋሃሂድና ነውርዶ።

---

## <u>ቅልዋ ዝኵንን መለንዛንን</u>

<u>ዘድሊ ዓቐን</u>

- ፍርቂ ኺሎ መለንዛኒ
- ፍርቂ ኺሎ ዝኵኒ ተሓጺቡ ብኸቢብ ዝተመትረ
- ፍርቂ ኹባያ ሓርጭ
- 8 እንቋቑሖ
- 100 ግራም ፎርማጆ
- ፍርቂ ኺሎ ድንሽ በሲሉ ብኸቢብ ዝተመትረ
- 1 ማንካ ሻሂ በርበረ ጸሊም
- 3 ኮመደረ ብኻራ ዝተመትረ
- ቁሩብ ጨው፡ ዘይቲ ድማ ንመጥበሲ ዝኸውን

<u>ኣገባብ ኣሰራርሓ</u>

- ነቲ መለንዛኒ ብኸቢብ ቈሪጽና፡ ኣብ ማይን ጨውን ንፍርቂ ሰዓት ዝኸውን ኣሊኽና፡ ካብ ማዩ ኣውጺእና፡ ማይ ለቕሊቕና፡ ነቲ ዝኵኒን መለንዛኒን ኣብ ዝፈልሐ ማይ ኣእቲና ነብስሎ። ኣጸቢቑ ከይበሰለ ኣውሪድና ካብ ማዩ ነጽፍፎ። ድሕሪ'ዚ ኣብ ሓደ ዕሙቕ ዝበለ ሽሓኒ ሓሙሽተ እንቋቑሖ፡ ሓርጭ፡ ጨውን በርበረ ጸሊምን ጌርና ንወቕዮ። ነቲ መለንዛኒን ዝኵኒን ከኣ ኣብኡ እናጠማዕና፡ ኣብ ዝረሰነ ዘይቲ ንጠብሶ። ኣብ ቅብኣት ዝተለኽየ ባዴላ ኸኣ ንረቦ። ኣብ ልዕሊኡ ነቲ ድንሽ ንሰርዮ። ቁሩብ ጨው ከኣ ንነስንሰሉ። ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ነተን ሰለስተ እንቋቑሖን ኮመደረን ወቒዕና ነፍስሰሉ። ፎርማጆ ነስኒስና ድማ ኣብ ፎርኖ ነእትዎ። እቲ እንቋቑሖ ድርቕ ምስ በለ፡ ኣውጺእና ከም ቀዳማይ መግቢ ንጥቀመሉ።

ምንጪ፡- መምሃሪ ሃገራውን ኣህጉራውን ምድላው መግቢ

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ሻምፕዮን ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል 2015

ፈደረሽን ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ዓመታዊ ዘካይዶ ውድድር ሻምፕዮን፡ ሎሚ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ብዝካየዱ ጸወታታት ክፍልም ምኽኑ ኣፍሊጡ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ሻምፕዮን፡ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ዓምበርብዒብን ቶኮርን ካብ ሰዓት 2፡00 ድ.ቐ ጀሚረን ፈላሚ ናይ ሻምፕዮን 2015 ግጥመን ከካይዳ እየን። ኣስዒበን ድማ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ጉዛባንዳን ገጀረትን ካብ ሰዓት 3፡00 ጀሚረን ክጻወታ እየን።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ሓሙሽተ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ከምኡ ድማ ኣርባዕተ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ ሻምፕዮን ክጽመዳ ምኽኖን እቲ ፈደረሽን የረድኤ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር፡ ብደቂ ኣንስትዮ ጉዛባንዳ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ሓሬና ሻምፕዮን ምኳነን ኣይርሳዕን።

### መደብ ጸወታ

ግጥም ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል

ጽባሕ
ሰገን ኮንስትራክሽን - ፓራዲዞ
ማይተመናይ - ሲቲሰንተር
ኣልታሕረር - ቀይሕ ባሕሪ
ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚረን
ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

## ምርጫ ሰልጠንቲ 'ግራስ ሩትስ' ህጻናት ይካየድ

### * ህጻናት ዘርኣይዎ ጥቡብ ንብዙሓት መሲጡ

ኮምሽን ስፖርት ዞባ ማእከል፡ ናብ ኣካዳሚ ኵዕሶ እግሪ ህጻናት ዞባ ማእከል ንዝጸንበሩ ሰልጠንቲ ግራስ ሩትስ፡ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ምርጫ የካይድ ኣሎ።

እቲ ዝሓለፈ ሰሉይ ዝጀመረ መስርሕ ምምያ "ታለንትስ"፡ ኣብ ታሪኽ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ናይ ፈለማ ተርእዮ ምኳኑ ብዙሓት ይሰማምዑ። ምኽንያቱ እቲ ምርጫ ንህጻናት ጥራይ ብዘይትኮረን ብሕጋጋትን መምርሒታትን ፊፋ ዝተማእከለን ብምኳኑዩ።

ኣብቲ ናይ ምርጫ መስርሕ ኣስታት 750 ህጻናት ይሳተፉ ኣለው። እዚ ድማ ኣብ ክሊ ዕድመ 12-13 ከምኡ ድማ ክሊ ዕድመ 14 ብኽልቲኡ ጾታ የጠቓልል።

ቴክኒካል ዳይረክተር ናይዚ ምርጫ መም ሞሳክዚ ገዝሀይ፡ "እዚ ምርጫ እዚ ኣብ ዕረፍቲ ናይ ቀዳማይ መንፈቕ ትምህርቲ ይካየድ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ምስ ትምህርቶም ከይጋጮ" ኢሉ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ "መስርሕ ምርጫ ሻራ ብዘይብሎም ኣካላት እዩ ዝካየድ ዘሎ። መብዝሕትኦም መመይቲ ድማ ኣብ ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዝሰርሑ ጉዳይም ኣሰልጠንቲ እዮም" ክብል እቲ ቴክኒካል ዳይረክተር ወሲኹ የረድኤ።

ሓደ ካብቲ ንመረጽቲ ኣጋጢሚ ኮይኑ ዘሎ ዝኣደን ተቐራሪቢ ብቕዓት ህጻናት እዩ።

ምኩር ኣሰልጣኒ ኣቶ ብርሃ ረዘ፡ "ህጻናት ሒዞሞ ዘለው ብቕዓት ኣዝዩ ዝኣደ እዩ። ብዙሓት ሰባት እውን ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ኮይኑ ረኺቦሞ። ዘለዎም ምልክት ኵዕሶ እግሪ እውን ተቐራረቢ ብምኳኑ ንምምማዮም ኣዝዩ ቡዳኒ ኮይኑ ይርከብ" ኢሉ።

እቲ ዝመጽእ ሰሙን ዝቕጽል መስርሕ ምምያ 'ታለንትስ'፡ ኣብ ምምራጽ ሓለውቲ ልዳት እውን ከተኩር ምኳኑ ዳይረክተር ቴክኒክ ናይቲ ምርጫ ኮሚተ ኣብ መወዳእታ ይውስኽ።

"እዚ ምርጫ ዝመጽእ ሰሙን ክቕጽል እዩ። ኣብዚ ክንርድኦ ዝግባእና፡ እዚ ናይ ምርጫ መስርሕ ዘይሰገሩ ህጻናት ካብቲ ናይ ግራስ ሩትስ ስልጠና ኣይእለዩን እዮም። ናብቲ ኣብ ንኡስ ዞባኦም ዝካየድ ስልጠና ክምለሱ እዮም" ይብል መም ሞሳክዚ።

ብድምር ኣብዚ ምርጫ 225 ህጻናት ናብቲ ኣካዳሚ ክምርሑ እዮም።

## ቅንጥብጣብ

= ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ - ሚካኤል ካሪክ ማህሰይቲ ገጢምዎ። እቲ ኣብ ጭዋዳኡ ማህሰይቲ ዝገጠሞ ኣከፋፊሊ፡ ንሓደ ወርሒ ካብ ጸወታ ክርሕቕ እዩ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ወዲ ጋንታኡ ዳረን ፍሌቸር ናብ ዌስትሃም ከቕንዕ ኣብ ጥርዚ ምብጽሑ ማዕከናት ዜና ዓዲ እንግሊዝ ሓቢረን።

= ቸልሲ ንወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ ክለብ ፊዮረንቲና - ያን ኳድራዶ ከተፈርም ኣብ ጥርዚ ብፅጽሓ ትማሊ ምሸት ቢ.ቢ.ሲ ኣፍሊጡ። እቲ ኮሎምብያዊ ተጻዋታይ ምስታ ለንደናዊት ክለብ ኣፈናዊ ስምምዕ ምኽያዱን ሎሚ ድማ ናይ ሕክምናዊ መርመራ ከካይድ መደብ ከምዝተታሕዘሉን እቲ ምንጪ ወሲኹ። እቲ ተጻዋታይ 23.3 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ኣሎ። ብኻልእ ወገን ቸልሲ ንመሓመድ ሳልሕ ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ፊዮረንቲና ናይ ምስግጋር መደብ ከምዘለዋ እውን ይግለጽ ኣሎ። ሓደ ሓደ ማዕከናት ዜና፡ እቲ ምስራዊ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ፡ ኣካል ናይቲ መስርሕ ምስግጋር ኳድራዶ ምኳኑ የረድኣ ኣለዋ።

= ተኸላኻሊ ሃገራዊት ጋንታ ጊኒ - ፍሎረንት ፖግባ ብሰንኪ ዝገጠሞ ምጭብባጥ ጭዋዳ፡ ነዚ ዓመት ስፖርትዚ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ምኳኑ ተሓቢሩ። እቲ ምስ ክለብ ሴንት ኢተና ዝጻወት ተኸላኻሊ - ሃገራዊት ጋንታኡ ምስ ካሜሩን 1ብ1 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ጸወታ እዩ ማህሰይቲ ገጢምዎ።

= ኤሲሚላን፡ ንተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣልያ ማቲያ ደስተሮ ካብ ሮማ ኣፈሪማ።

= ኮኾብ ተጻዋታይ ክለብ ሪያል ማድሪድ - ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ንተኸላኻሊ ክለብ ኮርዶባ ኤዲማር ብምህራሙ ናይ ክልተ ጸወታታት መቕጻዕቲ ተበይኑሉ። እቲ ወዲ 29 ዓመት ኣጥቃዓይ ክለቡ ንእተካይዶ ክልተ ጸወታታት ኣንጻር ሪያል ሶሴዳድን ሰቪያን ኣይክህሉን እዩ። እንተኾነ ኣንጻር ኣትለቲኮ ማድሪድ ኣብ ዝካየድ ግጥም ደርቢ ክህሉ እዩ - ጸቡቕ ዕድል ንጋረዝ በይል ዶ ይኸውን?

## ቸልሲ - ማን ሲቲ

### * ኮስታን ፋብሬጋስን . . .

ሎሚ ምሸት ማን ሲቲ ናብ ሜዳ ስታንፎርድ ብሪጅ ተጓዒዛ እተካይዶ ግጥም፡ ዋላ'ኳ ኣብ መሪሕነት ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘምጽኦ ጽልዋ እንተዘየለ፡ ንዝተኣጽፈ ናይ ሓሙሽተ ነጥቢ ጋግ ኣብ ምጽባብ ወይ እውን ኣብ ምግፋሕ ጽልዋኡ ዕዙዝ እዩ።

እታ ኣብ ግጥም ኤፍ ኤ ካፕ ዘሕፍር ውርደት ዝቐመሰት ዓባይ ክለብ ቸልሲ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ግጥም ካፒታል ዋን ንሊቨርፑል ረቲዓ ኣብ ግጥም ፍጻመ ናይቲ ውድድር እንተበጽሐት፡ ኣብቲ ግጥም መስዋእቲ ክትኸፍል ተገዲዳ ኣላ - ዓንተር ማእከል ሜዳ ዝኾነን ን15 ሚእታዊት ሸቶታት ቸልሲ ዝሃንደሰን ሴስክ ፋብሬጋስ ኣብቲ ግጥም ማህሰይቲ ስለዝገጠሞ።

እዚ ከይኣክል፡ ኣብቲ ግጥም ካፒታል ዋን፡ ንኣስታት 37 ሚእታዊት ናይ ቸልሲ ሸቶታት ብስሙ ዘስፈረ ዲያጎ ኮስታ፡ እውን ኣብ ልዕሊ ተጻወትቲ ሊቨርፑል ብዝፈጸሞ በደል፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ጸወታ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣብ ምልክይ ሕቶ ኣትዩ ኣሎ - ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ ድሒሩ ብዝወሰዶ ናይ ሰለስተ ጸወታታት መቕጻዕቲ ስጉምቲ።

ዝሓለፈ ሰሉስ፡ ዲያጎ ኮስታ ንተጻዋታይ ሊቨርፑል ኤምረ ካን ኣብ እግሩ ሃሲያ ከስዕበሉ ተራእዩ። ዳኛ ኑቲ ፍጻመ ተረር ፍርዲ ብዘይምሃቡ ዝቐሓረ ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ፡ ኑቲ ፍጻመ ድሒሩ ብምርኣይ ኣብ ልዕሊ እቲ እስጳኛዊ ኣጥቃዒ መቕጻዕቲ ክብይን እዩ ተሰሚዑ። በዚ ውሳነ ዝተቐጥዐት ቸልሲ ድማ ግዜ ከይወሰደት እያ 'ይግባይ' ክትብል ተሰሚዓ። እቲ ማሕበር ግና ትማሊ ናይ ድሕሪ ቐትሪ እቲ ውሳነ ከጸድቕ ምኳኑን እቲ ይግባይ ድማ ተቐባልነት ከምዘይብሉ የፍልጥ። በዚ ድማ ኣሰልጣኒ ሞሪኖ፡ ብዘይካ ወሳኒ ኣጥቃዒ ክለቡ ንሲቲ ክገጥም እዩ ማለት።

ኮስታ፡ ብዘይካ እዚ ናይ ሎሚ ምሸት ግጥም ምስ ኣስቶን ቪላን ኤቨርተንን እውን ኣይክስለፍን እዩ።

ምስ ሜላ ኣጸዋውታ ክለብ ቸልሲ ቀልጢፉ ዝተቐባበለ ዲያጎ ኮስታ፡ ኣብ ርእሲ እቲ 17 ሸቶታት ምምዝጋቡ ክልተ እውን ውዱኣት ኮዓሳሱ ንደቂ ጋንታኡ ኣቐቢሉ'ዩ። ፋብሬጋስ ድማ ክልተ ግዜ ሸቶ ከመዝግብ እንከሎ፡ 15 ውዱኣት ኮዓሳሱ ድማ ንደቂ ጋንታኡ ኣቐቢሉ።

ዛጊት ተኻይዱ ኣብ ዘሎ 22 ጸወታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ኣትለቲኮ ማድሪድ ናብ ቸልሲ ዝተሰጋገረ ኮስታ፡ ኣብ ሰለስተ ጸወታታት ጥራይ እዩ ቦኺሩ። ኣብዘን ግጥማት ድማ ዓወት ቸልሲ ካብ 73.7 ሚእታዊት ናብ 66.7 ሚእታዊት ከንቆልቁል ክኢሉ። ብመንጽሩ፡ ፋብሬጋስ፡ ኣብ ሓደ ናይ ሊግ ጸወታ ጥራይ እዩ ቦኺሩ - ኣብ መፋርቕ ወርሒ ታሕሳስ ኣንጻር ሃል ሲቲ። ኣብቲ እዋን እቲ እስጳኛዊ ኣከፋፋሊ ብዘዋህለሎ ናይ ስምዕታ ካርድ'ዩ ካብ ጸወታ ክቦኩር ተገዲዱ።

ክልቲኦም ተጻወትቲ ንኣሰልጣኒ ሆሴ ሞሪኖ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። እንተኾነ፡ ሞሪኖ ኣብ ቦታ ኮስታ ንዲደር ድሮግባ ከሰልፍ ክግደድ እዩ። ንልዳት ሲቲ ብተደጋጋሚ ዝደፈረ እቲ ኣይቮርያዊ ኣጥቃዒ፡ ኣብ 14 ግጥማት ኣንጻር ሲቲ ሓሙሽተ ሸቶታት ብስሙ ኣመዝጊቡ። ካብዚ ጸወታታት፡ ቸልሲ፡ ኣብ ትሸዓተ ተዓዊታ።

ሞሪኖ፡ ብዘይካ ፋብሬጋስ፡ ንፊሊፕ ሉዊስን እውን ኣብዚ ወሳኒ ጸወታ ከምዝኸስሮ ቢ.ቢ.ሲ ይሕብር። እንተ ኢቫኖቪች ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዒሉ ምህላው ሞሪኖ የረድኤ።

ብመንጽሩ፡ ኣብ ግጥም ዋንጫ ሃገራት ኣፍሪቃ ተጸሚዶም ዝርከቡ ተጻወትቲ ማንቸስተር ሲቲ ያያ ቱረን ዊልፍሪድ ቦኒን ኣብዚ ግጥም ኣይክህሉውን እዮም። ምኽንያቱ ኣይቮሪኮስት ናብ ዝቕጽል መድረኽ ዋንጫ ሃገራት ኣፍሪቃ ብምዝላላ።









ንገለ ስታትስቲክስ ናይ ክልቲኦን ክለባት ምስ እንዕዘብ

= ማን ሲቲ ኣብ ሜዳ ስታንፎርድ ብሪጅ ክልተ ግዜ እያ ተዓዊታ። ኣርባዕተ ግዜ ማዕረ 11 ግዜ ድማ ተረቲዓ።

= ቸልሲ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ግጥማት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣይተሳዕረትን። ክልተ ግዜ ተዓዊታ ሓንሳብ ድማ ማዕረ ተፈላልያ።

= ኣብዚ ዓመተ ስፖርት፡ ቸልሲ ኣብ ሜዳኣ ብገምጋም 2.4 ሸቶታት እናኣመዝገበት ትጓዓዝ ኣላ።

= ዲያጎ ኮስታ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣርባዕተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ።

= ጆን ቴሪ፡ ኢቫኖቪችን ሃዛርድን ኣብ ነፍስ ወከፍ ጸወታ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ናይዚ ዓመተ ስፖርት ምስ ቸልሲ ተሰሊፎም።

= ማን ሲቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ጸወታታት ክትዕወት ኣይከኣለትን፡ ሓንሳብ ማዕረ ክልተ ግዜ ድማ ተረቲዓ።

= ማን ሲቲ፡ ድሕሪ ሚያዝያ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ብዘይ ያያ ቱረ ተዓዊታ ኣይትፈልጥን።

## ኣዱሊስ፡ ብገፊሕ ተዓዊታ

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን ኤ፡ ኣዱሊስ ንኣስመራ ቢራ 3ብ0 ረቲዓታ።

ኣብ ሻሙናይ ደቒቕ ናይቲ ግጥም ካብ ዓብዱራሕማን ሸቶ ዝረኸበት ኣዱሊስ፡ ኑቲ ግጥም ብመሪሕነት እያ ናብ ዕረፍቲ ኣቕኒዓቶ። ኣብ ካልኣይ እብረ እውን፡ ተጻወትቲ ኣዱሊስ ዝሓሸ ፈተነታት ኣካየዱ። ከም ውጽኢቱ ድማ ሮመዳን ዑመርን ኤርምያስ ምስጉናን ሓሓደ ሸቶ ብምምዝጋብ ንስዕረት ኣስመራ ቢራ ኣቀላጠፉ።

ኣቐዲመን፡ ኣብቲ ዕለት፡ ጉዛባንዳን ኣባሻውልን ግጥም ኣካይደን ነይረን። ተዓዋቲት ሻምፕዮን 2013/14 ዝኾነት ጉዛ ባንዳ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ብመገዲ ዘልኣለም የውሃንስ ዝረኸበተን ክልተ ክልተ ሸቶታት 2ብ0 ተዓዊታ።

### መደብ ጸወታ

ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ

ሎሚ
ሃል ሲቲ - ኒውካስል 3፡45
ክሪስታል ፓላስ - ኤቨርተን 6፡00
ሊቨርፑል - ዌስትሃም 6፡00
ማን ዩናይትድ - ሌስተር 6፡00
ስቶክ - ኪውፒኣር 6፡00
ሳንደርላንድ - በርንሊይ 6፡00
ዌስት ብሮም - ቶተንሃም 6፡00
ቸልሲ - ማን ሲቲ 8፡30

ጽባሕ
ኣርሰናል - ኣስቶን ቪላ 4፡30
ሳውዝሃምፕተን - ስዋንሲ 7፡00

ዋንጫ ሃገራት ኣፍሪቃ

ሎሚ
ኮንጎ - ዲ.ሪ. ኮንጎ 7፡00
ቱኒዝያ - ኤኳቶርያል ጊኒ 10፡30

ጽባሕ
ጋና - ጊኒ 7፡00
ኣይቮሪኮስት - ኣልጀርያ 10፡30

ላሊጋ

ሎሚ
ሪያል ማድሪድ - ሪያል ሶሴዳድ 6፡00
ኤባር - ኣትለቲኮ ማድሪድ 8፡00

ጽባሕ
ሰቪያ - ኤስጳኞል 9፡00
ባርሳ - ቪያሪያል 11፡00

ሰሪኣ
ሮማ - ኢምፖሊ 10፡45

ጽባሕ
ኡዲነዘ - ጁቬ 5፡00







ሃብቶም እዮብ

# እቲ ዘይድቅስ ኳኽ



ኣጋጢሙኩምዶ ደፊልጥ? ከም ገለ ክትብሉ ሓደ ነገር ትጀምሩ እሞ መመለስኩም ከኣ ትደጋግምዎ። ብድሕሪኡ ልማድ ይኾነኩም። ገለ ሰባት ኣካይዳ፣ ኣሰያስያ፣ ኣዘራርባ ናይ ካልኦት ሰባት ከላግጹ ዝጀመርዎ ብኣኡ ገይሩ ዝሰበሎም ኣለዉ። እዚ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ግን ኣብ ሰባት ጥራይ ኣይኮነን ዘሎ። ኣብ እንስሳታት እውን ይርአ እዩ።

ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ኳኽ ቀትራቀትሪ ይነፍር፣ ለይቲ ከኣ ይድቅስ፣ ኣዒንቱ ኮነ ካልእ ነገራቱ ከም ካልኦት ኣዕዋፍ'ዩ ነይሩ። ደሓር ግን ካልኦት ኣዕዋፍ ክርእይኦ ዘይክእላ ክርኢ፣ ቀትሪ ክድቅስ ለይቲ ክነፍር ጀሚሩ። ከመይ ኢሉዶ ትብሉ ኣለኹም? ከመይ ዝበለ ሰብ'ዩ።

ሓደእዋንኣብኩሎምእንስሳትት ሓደሽ ነገር ኣጋጢሙ። ንሃ ምስ ኮነ ዋና ኩሎም እንስሳትት ዝኾነ ዒቢ ሰብኣይ ናብኦም እንስሳታት መጺኡ። ጭሩ ሓሰማ ንላዕሊ ጠል ኢሉ፣ ነዊሕ ዝበረ ጭሩ ጠል ተቐሪጹ ደርሆ ናይ ቅድሚት ኣእጋራ ተመን ከኣ ኣርባዕቲኡ መሓውሩ ዘየለ ጸኒሕዎ። "እንታይ ደኣ ኮይናዎም? እንታዋይ እኩይ'ዩ ከምዚ ዝገበር ዘሎ?" ብምባል ከኣ ብዙሕ ሓሰቡ። ንዝኾነ ሰብ ወይ እንስሳ ከይነገረ ከኣ ሰቕ በሉ። ደሓር ግን ንኳኽ ጸዊዑ "ለሚ ለይቲ ከይደቀስካ ክትሓድር ኢኻ፣ ለይቲ እንታይ ይግበር ከም ዘሎ፣ መን'ዩ እዚ ሕማቕ ነገራት ዝገብሮ ዘሎ ተዓዘብ" በሎ።

ኳኽ ሰብ ካብ ኩሎም ፍጥረታት ንዕኡ ብምምራጹ ኣዝዩ ተሓጐሰ፣ እንተኾነ ከም ኩለን ኣዕዋፍ ለይቲ ክርኢ ይኽእል ኣይክበረን። ስለዚ ድማ ኳኽ "ሕራይ። ግን ለይቲ'ኳ ብዙሕ ክርኢ ኣይክእልን እየ" በሎ።

እቲ ሰብኣይ "ደሓን ኣጆኻ፣ ለይቲ ጸቡቕ ገይርካ ክትርኢ እንተደሊኻ፣ ኣዒንትኻ ኣጸቢቕካ ኣፍጥጠን። ከምኡ እንተገይርካ ወላ ኣብ ግዙብ ዝበለ ጸልማት ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።"

"ሕራይ በል ከምቲ ዝበልካዮ ክገብሮ'የ።" በዚ ሓሳብ ተሰማሚዖም ከኣ ተፈላለዩ።

ለይቲ ምስ ኮነ ኳኽ ምድቃስ ገዲፉ ከምቲ ዝተባህሎ ክዕዘብ ጀሚሩ። እናጸልመተ ምስ ከደ ኣዒንቱ ኣዝዩ ኣፍጠጠን። ካብ ዝጸበዮት ክሰብ ዝደቐቕት ነገር ከኣ ክርኢ ከኣሉ። ከምዚ ኢሉ እናሓለወ እንክሎ ፍርቂ ለይቲ ኣኺሉ። ሰይጣን ከኣ ሰላሕ እናበለ ናብ ሰፈር ኣፍረሰ ገጹ ኣበሉ። ተሓቢኡ ዝዕዘብ ዝበረ ኳኽ "ኳ. . .ኽ. ኳ. . .ኽ" እናበለ ወጨጨ። እዚ ዝሰምዐ ሰይጣን ከኣ "እዝስ ከፊድኣኒ'ዩ" ብምባል ብጾሎም ተሓቢኡ ኣርሒቑ ሃደመ። ናብ ኣዝዩ ጸልማት ቦታ ምስ ኣተወ ኳኽ መመለሱ ኣዒንቱ ስለ ዘፍጠጠን ንሰይጣን ይርእዮ ነይሩ። ምስ ወገሐ ከኣ ኩሉ እቲ ዝረአዮ ነቲ ዋና እንስሳታት ዝኾነ ሰብኣይ ነገሮ። ጸሓይ ምስ በረቐት ግን ኳኽ ኣዒንቱ ከሕምሞን ብርሃን ጸሓይ ሸቕሸቕ ክብሎን ጀመረ። ኣዒንቱ ከጨምጭመን ከም ናይ ቀደመን ደቂቕቲ ክዙብረን ደልዩ ነይሩ። እንተኾነ ኣመና ፈጢጠን ስለ ዝበራ ናብ ዝበርኦ ክምለሳ ኣይከኣላን ኣብዩንኦ። ብርሃን ጸሓይ ስለ ዘወገኦ ከኣ ምርኣይ ተሸገረ። ናብቲ ሰብኣይ ከይዱ ድማ ጸገሙ ነገሮ። እቲ ሰብኣይ ድማ "ብምዃኑ ቀትሪ ኣብ ብርሃን ዘይኣትዎ በዓትታትን ኣብ ትሕቲ ዕመር ኣግራብን ኣጽለልካ ወዓል። ለይቲ ኸኣ ከም ድላይካ ትዛወር" ኢሉ መኸሮ።

ዘርባ ሰብኣይ ሰሚዑ ኳኽ ደቂሱ ወዓለ። ለይቲ ምስ ተበራበረ ከኣ ኣዒንቱ ክርኢያ ከም ዝኽእላ ተረድኦ። ንጽባሒቱ'ውን ቀትሪ ደቂስ ወዒሉ ለይቲ ተሰኡ ክዛወር ሓደረ። ከምዚ እናበለ ብዙሕ መዓልታት ምስ ደገመ ከኣ ቀትሪ ምድቃስ ለይቲ ምትሳእ ልማድ ኮይንዎ። ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣትሒዙ ክሳብ ሎሚ ከምኡ እናገበረ ይነብር ኣሎ።

እምበኣር ኩሉ እንገብሮ ምስ ተደጋገመ ኣመል ወይ ልማድ ከም ዝኸውን ክንፈልጥ ይግብኣና። ስለዚ ከኣ ንኣዕሩኽትና፣ መምሃራና፣ ደቂ ገዛውትና ጽቡቑ ጥራይ ንግበረሎም።

## ሕቶታት ካብዘ ዛንታ

1. ቀደም ኳኽ ከምቶን ካልኦት ኣዕዋፍ ቀትሪ ይነፍር፣ ለይቲ ይድቅስ ነይሩ። ደሓር ግን ባሁሩ ቀይሩ። ብኸመይ?
2. እቲ ዋና ኩሎም እንስሳታት ዝኾነ ሰብኣይ ዝረኣዮ ዘገርም ነገር እንታይ እዩ?
3. እቲ ሰብኣይ ኳኽ ከመይ ገይሩ ብምዃኑ ለይቲ ክርኢ ከም ዘለዎ መኸሮ?
4. ኳኽ እቲ ሰብኣይ ዝለኣኾ ኣብ ምትግባር ተዓዊቱ ዶ ኣይተዓወተን? መረዳእታ ሃቡ።
5. ካብዘ ዛንታ እንታይ ክንመሃር ንኽእል?

## ግድላት ቁጽሪ

ሕቶ ምርዳእ ምፍርቂ መልሲ እዩ?

"ማማ ግደይ ቢ ዶ ከሰናኽተኪ?" ሓተቱ እቶም ሓሙሽተ ደቂ ገዛውትን መጻወትትን ቈልዑ።

"ሕራይ እዋም ደቀይ። ቅድም ግና $5\times3+2$ ክንደይ ምዃኑ ንገሩኒ" በሎም ወይዘሮ ግደይ።

"ዓሰርተ ሸውዓተ(17)" መለሱ ኣማኒኤል፣ ሃና፣ ዑስማን።

"ኣይኮነን ዕስራን ሓሙሽተን'ዩ" በሉ ሳምኤልን ሓያትን።

ኣብ ኽልተ ጉጅለ ኮይኖም ንሕና ኢና ቁንዖት ንሕና እባ እናበሉ ነዊሕ ተኻትዑ። ኣብ መወዳእታ ዑስማን "ማማ ግደይ ንምንታይ ከምኡ ከም ዝበልኪ እሞ ንገርና፣ እታ ሕቶ ጸቡቕ ገይርና ክንምልሳ" በሉ።

"ንፉዕ ዑስማን ወደይ። ትኩር ኢኻ። ርኤኹም ሕቶ ምርዳእ ፍርቂ መልሲ'ዩ" በላት ወይዘሮ ግደይ። ቀጺላ "ሓሳበይ እንታይ ማስለኩም?" ንኹሎም ብብሓደ ጠመተቶም። "ሓሳበይ ንኹልኹም ሓሓሙሽተ ቢ ክሰንክተልኩም እየ። ስለዚ እየ ከኣ $5\times3+2$ ክንደይ'ዩ ኢለ ዝሓተትኩኹም" በለቶም።

እቶም ቈልዑ ብሓባር "ሕጂ ተረዲኡና" በልዋ። "ሕጂ ቅድም $3+2$ ንደምር። ሽዑ ነቲ ዝመጸልና ውጽኢት ከኣ ብሓሙሽተ ነርብሖ" ተበሃሃሉ ንሓድሕዶም።

ኣማኒኤል፣ ሃና፣ ዑስማን መልሲ ረኺቦማ ነይሮም። ምኽንያቱ ነተ ሕቶ ብኸምዚ ዝስዕብ ገይሮም ስለ ዝሰርሕዋ $5\times(3+2)=25$ እዚ እቲ ዝድለ መልሲ እዩ። ሳሙኤልን ሓያትን ግን $(5\times3)+2$ ገይሮም ስለ ዝሰርሕዋ ዓሰርተው ሸውዓተ(17) ኢሎም መለሱ።

እታ ወይዘሮ ግደይ ዝደለየታ ቅንዕቲ መልሲ 25 ኢያ። ንነፍሲ ወከፍ ቈልዓ 5 ቢ ክትሰንክተሉ ደልያ። እቶም ቈልዑ ድማ ሰለስተ ኣውዳትን ክልተ ኣዋልድን ብጠቕላላ ሓሙሽተ እዮም። ስለዚ ጠቕላላ ወይዘሮ ግደይ 25 ቢ ክትሰንክት ኣለዋ።

ፍቱዋት ቈልዑ በቲ ናይ ቁጽሪ ኣሰራርሓ ክርአ እንከሎ ክልቲኦም ጉጅለታት ዝሃብዎ መልሲ ቅኑዕ እዩ። በታ ወይዘሮ ግደይ ዝሓሰበታ መሰረት ግን እታ መልሲ 25 ኢያ። ስለዝእምበኣር ናይ ቁጽሪ ይኹን ካልእ ግድላት ክንምልስ ቅድሚ ምጅማርና ሕቶ ጸቡቕ ገይርና ከም ዝተረዳእናዮ ከረጋግጽ ኣለና። ምኽንያቱ ሕቶ ምርዳእ ፍርቂ መልሲ ስለ ዝኾነ። ነዛ ግድል ኣብ ከይረኣኹም ኣብ ወረቐት ክትሰርሕዋ ፈትኑ።